# ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን
# Catholic Eparchy of Keren

## መደብ ቅዳሴ
## Mass schedule

Daily 5:00 a.m.
Sunday 5:00 a.m.
Rosary 4:00 p.m.

Confessions: Before Mass or when requested

12:00 Noon – Angelus

Religion classes, daily in the evenings.

Annual celebration
**ነግዲ** January 23 (**ጥሪ**)



**Chapel at Beskdira**
**ቤተ ጸሎት በሰክዲራ**

## በሰክዲራ

**ኣመጻጽኣ ሕዝቢ በሰክዲራ ምስ ጥሪት እንዳ ተንቀሳቀሱ ካብ ዓዲ ዘማት ሑምራይ ዝብሃል ቦታ ከም ምሉእሕዝቢ ሰኸ፦ና ከኣ ኣብ ገበይኣለቡ ሰፈሩ፡ ካብኡ ከኣ ናብዚ ሕጂ ዘለዉዎ ዓዲ ገዓዙ።**

## ኣመሰራርታ ቤተ ጸሎት

1. **መኣስ ዓመተ ምሕረት ተመስረተ?** 1963-1966 **ብመን ኣባ ታርቺዝየ ፒየሪኒ**
2. **ስም ዝባረኻ ካህን ወይ ጳጳስ** **ኣቡነ ኣስራተማርያም**
3. **እዚ ሕጂ ዘላ ሕንጻ እታ ናይ መጀመርያ ድያ?**
4. **እንተዘይኮይና እታ ቀዳመይቲ ከመይ ቢላ ፈረሰት እዚኣ ኸኣ ከመይ ቢላ ተሓኒፃ?** **መእመናን በሰክዲራ ብዝገብርዎ ጻዕሪ ነታ ቀደም ዝነበረቶም ቤተመቅደስ ኣጉዶ ኣፍሪሶም ሕጂ ምዕርግትን ዘመናዊትን ካብታ ዝነበረት ዝገፍሔት (መረባዕ) ሰሪሖም ኣለዉ።**

## ኣብዛ ቤተ ጸሎት ዘገልግሉ ዝርዝር ስም ካህናት

| ተ. ቊ. | ስም | ዓመታት ኣገልግሎት ካብ ናብ |
|---|---|---|
| 1 | ኣባ ሃብተሚካኤል - ገበይ | 1926 - 30 |
| 2 | ኣባ ወልደሚካኤል - ቢያን | 1930 - 37 |
| 3 | ኣባ መንግስተኣብ - ሓጐስ | 1937 - 42 |
| 4 | ኣባ ገብረመስቀል - መወስ | 1942 - 48 |
| 5 | ኣባ ገብረንስኤ - ኣድሓና | 1948 - 1950 |
| 6 | ኣባ ዮሴፍ - ባህልቢ | 1950 - 60 |
| 7 | ኣባ ገብረቅዱስ - መስቀል | 1960 - 63 |
| 8 | ኣባ ታርቺዝዮ - ፒየሪ (ካፑቺናዊ) | 1963 - 66 |
| 9 | ኣባ ሚካኤል - ኣስፍሓ | 1963 - 81 |
| 10 | ኣባ ደብረጽዮን - ኪዳነ | 1963 - 66 |
| 11 | ኣባ ኣንጀሊኮ - ገ/ክርስቶስ | 1965 - 67 |
| 12 | ኣባ ተወልደብርሃን - ገ/ህን | 1967 - 76 |
| 13 | ኣባ ጋይታና - ፋጊ | 1976 - 82 |
| 14 | ኣባ ያዕቆብ - ዘርኡ | 1981 - 82 |
| 15 | ኣባ ኣርበድ - ጴጥሮስ | 198 - |
| 16 | ኣባ ዓንደብርሃን - ወ/ትንሳኤ | 1982 - 83 |
| 17 | ኣባ ሃይለሚካኤል - ተኽለሃይማኖት | 1984 - 87 |
| 18 | ኣባ ተስፋልደት - ተኽለ | 1988 - |
| 19 | ኣባ ክፍለማርያም - ተ/ጊዮርጊስ | 1985 - 88 |
| 20 | ኣባ ጊደ - ገብረሱስ | 1985 - |
| 21 | ኣባ ወ/ያም - ዮሓንስ | 1988 |
| 22 | ኣባ ተወልደብርሃን - ገ/ህን | 1992 - 1994 |
| 23 | ኣባ ሚካኤል - ኣስፍሓ | 1994 - 96 |
| 24 | ኣባ ባህልቢ - እድሪስ | 1995 - 96 |
| 25 | ኣባ ተኽለማርያም - ረዳእ | 1997 - 1999 |
| 26 | ኣባ ሃብተጊዮርጊስ | 1998 - 99 |
| 27 | ኣባ ፍስሓ - ወልደገርጊስ | 2000 - |
| 28 | ኣባ መስቀል - ኣቢብ | 2000 - 03 |
| 29 | ኣባ ብርሃነ - ሃብተ | 2001 - 08 |
| 30 | ኣባ እስጢፋኖስ - ብርሃነ | 2002 - |
| 31 | ኣባ ኣስገዶም - ጊላይ | 2004 - 06 |
| 32 | ኣባ ተስፋልደት - ተኽለ | 2005 - 09 |
| 33 | ኣባ ዮናስ - እዮብ | 2008 - 09 |
| 34 | ኣባ ተኽለሃይማኖት - ብ/መስቀል | 2006 - |
| 35 | ኣባ ኃይለስላሴ - በየነ | 2008 - 0.. |

# Besikdira

Besikdira is a village in Sequina district south east of Feledarb on the way to Ferhen. It is today an out station of Ferhen parish. It is also the village which suffered the massacre of 120 victims of the infamous Ethiopian army in November 30, 1970 and the village was completely burned down ground. When the regime of Emperor Haile Sellassie ousted by Menghistu Hailemariam in 1974, the people of Besikdira again resettled, but it was completely destroyed by the Ethiopian army in 1988 and the people abandoned until after complete Eritrean independence in May 1991.

The exact date the chapel of Besikdira founded, is not known, but it was sometime around 1961. What is significant of Besikdira, when it was an out station of Ferhen, it was the only place in Sequina that had standard school for the whole of the area, and this school was established in 1961.) Besikdira nowadays is a village, thanks to the Church and partners, enjoys modern amenities of life, i.e. school, water, electricity, health (from Felearib) and telephone through cell phone system.

## Besikdira and the Tragic Massacre of

## November 30th, 1970

The massacre of 120 innocent victims of Besikdira, 714 innocent people massacred in Ona and the burning of the villages in the Sequina area by the Ethiopians as it appeared on one of the publications of Franciscan publications.

# መሪር ግፍዒ ኣብ በስክዲራን ከባቢኣን

## (ምድሪ ሰኹና 1970 = ፲፱፻፷፫)


## SUMMARY

*The present article deals with the bloody massacre of innocent civilians of 'Beskdira' (Zoba Anseba) and the intentional destruction of all the villages in the 'Sequina Zone' (about 15 K.M. East of Keren ) by the Ethiopian Regime during the reign of Emperor Haileselassie in 1970. On Monday November 30th, 1970 about 120 civilians at 'Beskdira' were killed indiscriminately inside a mosque; (and in the next day (Tuesday, December 1st, 1970) the entire village 'Ona' was completely burnt down and about 714 people were slaughtered indiscriminately). The content of this article is based on the account of eye-witnesses of several persons in general and Abba Teweldebrhan Ghebremedhin in particular who was the vice- parish-priest of the 'Sequina Region' at that time. At the dawn of this Third Millennium, the 31 years old savage event, is an invaluable lesson for the future, which could be rounded up with the following expression: "massacres of innocent civilians - never again!"*


## መባእታ

ድኅሪ ምፍራስ ፈደረሽን ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ፣ ብኡንብኡ ብ1961 መንእሰያት ኤርትራ ዝተጋህሰ መሰል ሕዝቦም ኬምልሱ ቃልሲ ጀመሩ። መንግሥቲ ኢትዮጵያ ከኣ፣ እቲ ዚፍልም ዝነበረ ቃልሲ ስለ ዜሰግኦ፣ ነቲ ዝተላዕለ ምንቅስቓስ ብኣጋኡ እግሪ ተኸሊ ከሎ ኪቖጽዮ ፈቲኑ፣ ምኽን ምስ ኣበዮ፣ "ሕነ ቀራናት ንጓዕማማት" ከም ዚበሃል፣ ሕርቃኑ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ሕዝቢ ኬውጽእ ተረኺበ። ብሳዕቤኑ፣ ብፍላይ ኣብ መታሕት ኤርትራ "እዚ ኢዩ" ኢልካ ክትገልጾ ዜሰካሕክሕ ህልቂት፣ ፈጸመ። ኣብ መጀመርያ ሰብዓታት፣ ብፍላይ ኣብ በስክዲራ፣ ዖና፣ ኣቝርደት፣ ተሰነይ፣ ኦምሓጀር፣... ሰላማውያን ሰባት ኣህለቐ። ኣብ ከባቢ ከረን ነዚ ህልቂት'ዚ መበገሲ ኪኸውን ካብ ዝኸኣለ ክልተ ነገራት ክንጠቅስ ንኽእል፤

1. ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ቀዳም መዓልቲ 1970፣ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ሃብረምጋቓ ኣድብዮም ብምጽናሕ፣ ንዋና ኣዛዚ ጦር ዝነበረ ጀነራል ተሾመ ዕርገቱ ዝተባህለ፣ ስለ ዝቐተሉዎ፣ ነዚ ሕነዚ ንምፍዳይ፤[1]

2. "ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ካብ ከባቢ ከረን ዘሎ ዓድታት እናኣተው ንኸተማ የጥቅዑ ስለ ዘለዉ፣ ኣብዚ ከባቢ ዘሎ ዓድታት እንተኣጥፊእና፣ መዕቆቢ ኪስእኑ ኢዮም..." ዚብል እምነት ስለ ዜሕደሩ።

ካብዚ እምነትዚ ተላዒሎም ጦር ሠራዊት፣ ምስ ኮማንዶስ ኀቢሮም፣ ሰላማዊ ሕዝቢ ምቕታል ስራሕና ኢሎም ተተሓሓዙዎ። ንሎሚ ኣብ ምድሪ ሰኹና[2] ዝተፈጸመ ዜሰካሕክሕ ህልቂት ጥራይ ከነቕርብ ኢና። ቅድሚ ብዛዕባ እቲ ህልቂት ገለ ምባልና ግን ኣብቲ ጊዜ እቲ ካብ ዝተደርፉ ትንቢታውያን ደርፍታት፣ ሎሚ እቲ ሕልሚ ደቂ ሰኹና ዝነበረ ብመልክዕ ደርፊ ዝገለጽዎ ትንቢት ስለዝተፈጸመ ሓንቲ ኣብነት ከነመልክት ንፈቱ።

♣ "ጦር ሠራዊት ከረን ገምኑኹ ኣሥመሪልድ፣
ጃር ጉድናት ይናብሪልድ"። ትርጉሙ፣
ጦር ሠራዊት ካብ'ሥመራ ከረን ወሪዶም፣
ካብ መሬትና ኣምላኽ የልዕሎም።

እዚ እነቕርቦ ዘሎና ጸብጻብ ምስቶም፣ ኣብዚ ዝጎለፈ ጽንኩር ኵነታት፣ "ኣቦ ሕዝቢ ሰኹና" ንምባል ዝበቕዑ ኣባ ተወልደብርሃን ገብረመድኅን (ፓድረ ኢኛስዮ) ኀቢርና ኢና። ኣባ

---

[1]ሚካኤል ሓሰማ ራካ (ፊት.)፣ *ዛንታ ኤርትራ*፣ 1992፣ ገጽ 185 ተመልከት።

[2]ሰኹና ካብ ከተማ ከረን ብወገን ሰሜን ዝርከብ ኮይኑ፣ ብእግሪ ዳርጋ መንገዲ ክልተ ሰዓትን ፈረቓን ኣቢሉ ኢዩ። ነዛን ዚሰዕባ ዓድታት ዜጠቓልል ኢዩ፤ ኣጀርበብ፣ ፈርሔን፣ በሰከዲራ፣ ሳንቃ፣ ሓንጎል፣ ፈለዳርብ፣ ሙሻ ዓይግ፣ ሙሻ ሸባሕ፣ ፍሰሩኹ።

# መሪር ግፍዒ ኣብ በስክዲራን ከባቢኣን
## (ምድሪ ሰኹና 1970 = ፲፱፻፸)


## SUMMARY

*The present article deals with the bloody massacre of innocent civilians of 'Beskdira' (Zoba Anseba) and the intentional destruction of all the villages in the 'Sequina Zone' (about 15 K.M. East of Keren ) by the Ethiopian Regime during the reign of Emperor Haileselassie in 1970. On Monday November 30th, 1970 about 120 civilians at 'Beskdira' were killed indiscriminately inside a mosque; (and in the next day (Tuesday, December 1st, 1970) the entire village 'Ona' was completely burnt down and about 714 people were slaughtered indiscriminately). The content of this article is based on the account of eye-witnesses of several persons in general and Abba Teweldebrhan Ghebremedhin in particular who was the vice- parish-priest of the 'Sequina Region' at that time. At the dawn of this Third Millennium, the 31 years old savage event, is an invaluable lesson for the future, which could be rounded up with the following expression: "massacres of innocent civilians - never again!"*


### መባእታ

ድኅሪ ምፍራስ ፈደረሽን ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ፡ ብኡንብኡ ብ1961 መንእሰያት ኤርትራ ዝተጋህሰ መሰል ሕዝቦም ኬምልሱ ቃልሲ ጀመሩ። መንግሥቲ ኢትዮጵያ ከኣ፡ እቲ ዚፍልም ዝነበረ ቃልሲ ስለ ዜስግኦ፡ ነቲ ዝተላዕለ ምንቅስቓስ ብኣጋኡ እግሪ ተኸሊ ከሎ ኪቖጽዮ ፈቲኑ፡ ምኽንያቱ ምስ ኣበየ፡ "ሕነ ቀራናት ንጓዕማማት" ከም ዚበሃል፡ ሕርቃኑ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ሕዝቢ ኬውጽኦ ተረኸበ። ብሳዕቤኑ፡ ብፍላይ ኣብ መታሕት ኤርትራ "እዚ ኢዩ" ኢልካ ክትገልጾ ዜስካሕክሕ ህልቂት፡ ፈጸመ። ኣብ መጀመርያ ሰብዓታት፡ ብፍላይ ኣብ በስክዲራ፡ ዖና፡ ኣቍርደት፡ ተሰነይ፡ ኦምሓጀር፡... ሰላማውያን ሰባት ኣህለቐ። ኣብ ከባቢ ከረን ነዚ ህልቂት'ዚ መበገሲ ኪኸውን ካብ ዝኽኣለ ክልተ ነገራት ክንጠቅስ ንኽእልI

1. ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ቀዳም መዓልቲ 1970፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ሃብረምጋቓ ኣድብዮም ብምጽናሕ፡ ንዋና ኣዛዚ ጦር ዝነበረ ጀነራል ተሾመ ዕርገቱ ዝተባህለ፡ ስለ ዝቐተሉዎ፡ ነዚ ሕነዚ ንምፍዳይ፥[1]

2. "ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ካብ ከባቢ ከረን ዘሎ ዓድታት እናኣተው ንኸተማ የጥቅዑ ስለ ዘለዉ፡ ኣብዚ ከባቢ ዘሎ ዓድታት እንተኣጥፊእና፡ መዕቆቢ ኪስእኑ ኢዮም..." ዚብል እምነት ስለ ዜሕደሩ።

ካብዚ እምነትዚ ተላዒሎም ጦር ሠራዊት፡ ምስ ኮማንዶስ ኀቢሮም፡ ሰላማዊ ሕዝቢ ምቕታል ስራሕና ኢሎም ተተሓሒዞም። ንሎሚ ኣብ ምድሪ ሰኸና[2] ዝተፈጸመ ዜስካሕክሕ ህልቂት ጥራይ ክነቕርብ ኢና። ቅድሚ ብዛዕባ እቲ ህልቂት ገለ ምባልና ግን ኣብቲ ጊዜ እቲ ካብ ዝተደርፉ ትንቢታውያን ደርፍታት፡ ሎሚ እቲ ሕልሚ ደቂ ሰኸና ዝነበረ ብመልክዕ ደርፊ ዝገለጽዎ ትንቢት ስለዝተፈጸመ ሓንቲ ኣብነት ከነመልክት ንፈቱ።

♣ "ጦር ሠራዊት ከረን ገምኑኹ ኣሥመሪልድ፡ ጃር ጉድናት ይናብሪልድ"። ትርጉሙ፡
ጦር ሠራዊት ካበ'ሥመራ ከረን ወሪዶም፡
ካብ መሬትና ኣምላኺ የልዕሎም።

እዚ እነቕርቦ ዘሎና ጸብጻብ ምስቶም፡ ኣብዚ ዝጎስፈ ጽንኩር ኩነታት፡ "ኣቦ ሕዝቢ ሰኸና" ንምባል ዝበቕዑ ኣባ ተወልደብርሃን ገብረመድኅን (ፓድረ ኢኛስዮ) ኀቢርና ኢና። ኣባ

---

[1]ሚካኤል ሓሰማ ራካ (ፊት.)፡ ዛንታ ኤርትራ፡ 1992፡ ገጽ 185 ተመልከት።
[2]ሰኹና ካብ ኩተማ ከረን ብወገን ሰሜን ዝርከብ ኮይኑ፡ ብእግሪ ዳርጋ መንገዲ ክልተ ሰዓትን ፈረቓን ኣቢሉ ኢዩ። ነዚን ዚስዕብ ዓድታት ዜጠቓልል ኢዩI ኣጀርበብ፡ ፈርሔን፡ በስክዲራ፡ ሳንቃ፡ ሓንጎል፡ ፈለዳርብ፡ ሙሻ ዓይግ፡ ሙሻ ሸባሕ፡ ፍሰሩኹ።

ተወልደብርሃን ኣብቲ ሰላማዊ ሕዝቢ ዝቕተለሉ ዝነበረ ቦታ ዝቕመጡ ዝነበሩ “መንፈሳዊ ጓሳ” ምእመናን ክርስቲያን፡ ሓኪም ሕዝቢ ዝነበሩ ኢዮም። ኣብቲ ጊዜ ጸገም ኣብ ሞንጎ እቲ ሕዝቢ ኮይኖም፡ ብመጠኑ ናይቲ ኣስካሕካሒ ፍጻሜ ኪጽሕፉ ፈቲኖም ኢዮም። ሎሚ ርሓት ምስ ረኸቡ፡ ነቲ ብጎጂሩ ጽሒፎሞ ዝነበሩ ኣስፊሕና፡ ምስኦም ኮንና ዝምላእ እናመላእና፡ ንኻልኦት ኣብቲ ፍጻሜ ዝተሳተፉ ሰባት ተወኪስና ብጽሑፍ ከነውጽእ እዋኑ ኮይኑ ይረአየና። እዚ ከኣ እቲ ፍጻሜ 30 ዓመት ስለ ዝገበረ፡ ንዝኸሪ እቶም ኣብቲ ህልቂት ዝሞቱን ዝተሳቐዩን ንብረቶም ዝተራሰዩን፡ ዓዶም ዝባደሞምን ኵሎም ደቂ ሰኩና ብጎልና ንዝክሮም። እቲ ኵሉ ዜጋጠሞም ጸገም ኣብ ታሪኽ ኪሰነድ እዋኑ ስለ ዝኾነ፡ እቲ ፍጻሜ ከይተረስዐ ከሎ፡ ገለ ክንገብር ኣሎና ብዚብል ዕላማ ኢዩ። ብዛዕባ'ዚ ህልቂት ሰኩና ቅድሚ ሕጂ ዝተጻሕፈ መጽሓፍ ወይ ዓንቀጽ (article) ክንረክብ ኣይከኣልናን። ኣባ ተወልደብርሃን ነዚ ዝሓለፈ ታሪኽ እናተደፋነቑን እናነብዑን ኢዮም ዜዘንትዉዎ። ኬዘንትዉልና ከለዉ'ውን፡ ከም ሓደ ዜስካሕክሕ ፍጻሜ ኣብ ቅድሚ ዓይንና ዘሎ ኮይኑ ስለ ዝረአየና፡ እናነባዕ ና ኢና ንጽሕፎ ዘሎና። እናነባዕኩም ከም እተንብቡዎ ኣቐዲምካ ኪግመት ይከኣል።

እዚ ሓጺር ጽሑፍ፡ ኣብ ሠለስተ ክንመቓቕሎ ንኽእል፤

1) ነቲ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 1970 ዜጋጠመ ምቅጻል ኣጀርበብ፡
2) እቲ ኣብ ወርሒ ኅዳር 1970 ዜጋጠመ ምቅጻል ዓድታት፤ ሙሻ ሻባሕ፡ ሙሻ ዓይግ፡ ፍሶሩኽ፡ ፈለዳርብ፡ በስከዲራ፡ ሓንጎል፡ ሳንቃ። ዝያዳ ኣቓልቦና ኣብ መስጊድ በስከዲራ ዝተፈጸመ ህልቂት ኪኸውን ኢዩ።
3) ብዛዕባ እታ ካብ ምሉእ ሰኩና ብተኣምራት ዝደኀነት ፈርሒን።

ኣብ መወዳእታ ከኣ ነዚ ኵሉ ዝተፈጸመ ግፍዒ ዝተቓወመስ ኣሎዶ፧ ዚብል ክንምልስ ክንፍትን ኢና።

## ሀ- ምቅጻል ኣጀርበብ

ብገለብ ኣቢሎም ዝመጹ ሠራዊት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ኣጭራሕን ጅቝመራን ዝበሃል ቦታ ምስ በጽሑ፡ ኣጋ ምሸት ምስ ኮነ፡ ጀብሃ ኣብቲ ዓዲ ጸኒሖም ገለ ቁሩብ ተኾሲ ገበሩ። ኣብዚ ውግእ እዚ ሓደ ወተሃደር ኢትዮጵያ ኪመውት እንከሎ፡ ካብ ወገን ጀብሃ ከኣ ንሓደ ኣቑሲሎም ብሕይወቱ ሓዙዎ። ንጽባሒቱ፡ ንግሆ ፳፮ መጋቢት ፲፱፻፷፪ ዓ.ም. መድኃኔ ዓለም መዓልቲ፡ (5 ሚያዝያ 1970) ብፍሩህን ብቲሩን ኣቢሎም ብምምጻእ፡ ንኣጀርበብ ኣኸበቡዋ፡፡ ሕዝቢ ኣጀርበብ ወላ ሓንቲ'ኳ ኣይገብሩናን ኢዮም፡ ዚብል እምነት ኣኀዲሩ፡ ገለ ኣብ ገዛኡ፡ ዝበዝሐ ግን ኣብ ኣፍ ቤተ ክርስቲያን ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ተኣኪቡ ኪጽበዮም ጸንሐ። እቶም ወተሃደራት ከኣ ነታ ዓዲ ከቢቦም ሓዙዋ'ሞ፡ ሽዑ ክልተ ወተሃደራት፡ ናብቲ ኣብ ቅድሚ ቤተ ክርስቲያን ተኣኪቡ ዝነበረ ሕዝቢ መጺኦ፡ “ጀብሃዶ ርኢኹም፧” ቢሎም ሓተትዎ። እቲ ሕዝቢ ከኣ “ኣይረኤናን” ምስ በሎዎም፡ “ሓሰውቲ! ትማሊዶ ኣብዚ ላዕሊ ኣይነበሩን፧” በሉዎ፡፡ ሕዝቢ መልሲ ከይሃበ ስቕ በለ፡፡ ቀጺሎም እምበኣርከስ ሰብኣይ ዘሎ ናብ ሩባ ይተኣከብ ኢሎም ኣዘዙ፡፡ ሽዑ ንኹሎም ሰብኡት ኣብ “ሩባ ተረኽበ” ኪእከቡ ተኣዘዙ። ወተሃደራት ከኣ ንዓዲ ከቢቦም ሓዙዋ'ሞ፡ እቲ ሻምበል ብቕልጡፍ ዓዲ ኪቃጸል ትእዛዝ ሃበ፡፡

ወተሃደራት ከኣ ብኹሉ ወገን ጀሚሮም፡ ብዘይካ 35 ዚኾና ገዛውቲ ማለት ብዘይካ ጉርጃ ዝበሃል ላዕላዋይ ቦታን ዓዲ ገንደርን ዓዲ ኖርን፡ ኣብ ዙርያ መስጊድ ዘሎ ቁሩብ ገዛውትን፡ ካልእ ኵሉ ኣንደዱዎ። ገዛውቲ ካብ ምንዳዱ ምጉርጓሩ ከፊኡ ነበረ፡ ማለት ካብ ኣንስቲ ብኃይሊ ሽልማትን ከቦርታታትን፡ በቢዓይነቱ ብዙኅ ኣቑሑት ገዛን ወሰዱ፡፡ ከምኡ'ውን ናይ ቤተ ክርስቲያን ንብረት ዝኾነ ክልተ ዓራት፡ ክልተ ዓቢይን ንእሽቶን ጣውላ፡ ሙራለታትን ሾሞንተ ኵንታልን ፈረቓን መሸላ፡ ሾሞንተ ሽሓኒ፡ ኣብ ገዛ ካህንን ፈላሲትን ዝነበረ ገለ ቁሩብ መጻሕፍትን ጥራውዝትን ተቓጸለ።

ከምዙይ ኢሉ ገዛውቲ ኪቃጸል እንከሎ፡ ሰብኡት ኵሎም ኣብ ሩባ ተረኽበ ተኣኪቦም ነበሩ፡፡ ሓደ ካብቶም ወተሃደራት ከኣ “ገዛውትኹም ብጌጋ ኢዩ ነዲዱ ዘሎ'ሞ፡ ሕጂ ከኣ ካብ ኮነስ ድኅን፡ ጽንዓት ይሀብኩም፡...” እናበለ ኣላገጸሎም፡፡ ካልኣይ ወተሃደር ከኣ ትቕብል ኣቢሉ “ንሕና መኣስ ኮይና ዘንደድናዮ! ካብ ሓንቲ ሰበይቲ ብዝነጠረ ሓዊ ኢዩ ዝነደደ...” ኪብል ተዛረበ፡፡ ሽዑ ኣድም ወዲ ፍካክ ብድድ ኢሉ “ብላዕሊ ጀሚርኩም “እቃጽልዎ” እናበልኩም ባዕልኹም ሓዊ መሊስኩምሉስ ከኣ፡ ሕጂ መሊስኩም ንሕና እየንደድናዮን ትብሉ!!...” እናበለ ተቘጢዑ ምድሪ ሃረመ'ሞ፡ እቲ ሻምበል እዙይ ምስ ሰምዐ፡ ተናዲዱ፡ “እዙ ዝገበርካዮ ስራሕ ከም ነኣና ዝሃረምካ ኢዩ! ሕጂ ብቑልጡፍ ሠለስተ ላም ኣምጽኡ!...” እናበለ ኣበርቲዑ ኣፈራርሖም፡፡ ደቂ ዓዲ ብጣዕሚ ሰንበዱ። ሕይወቶም ኬድኅኑ፡ ካብተን ኣብ ሞሮር ወፊረን ዝነበራ ኣሓ፡ ሓንቲ ናይ ሓምደ ዓሊ፡ ካልኣይቲ ከኣ ናይ ተኽለ ገንደር ኣምጺኦም ሃቡዎም። እታ ሣልሰይቲ ከይመጸት እንከላ፡ ከምኡ'ውን እተን ክልተ ከይተሓረዳ ከለዋ፡ ሄሊኮፕተር ኣብ “ተረኽበ”

ወረደት። "ንቐሉ ዓንሰባ ኢዩ ምሕዳርኩም" ዝብል ትእዛዝ መጸ፡ ወተሃደራት ኣጀርበብ ገዲፎም ክልተ ሳም ጥራሕ ሒዞም ንታሕቲ ገጾም ነቐሉ፡፡ ካብ ኣጀርበብ ኪብገሱ ከለዉ፡ ሓሙሽተ ዝኾኑ መንእሰያት፡ ከቢድ መሳርያ ኪሸከሙ ወሰዱዎም። ሕዝቢ ኣጀርበብ፡ ካብቲ ምንዳድ ዓድስ፡ ናይዞም መንእሰያት ምውሳድ ብዙኅ ኣሻቐሎ።

በቲ ጊዜ እቲ ኣባ ተወልደብርሃን ኣብ ሰኵና በይኖም ኢዮም ዝነበሩ፡፡ ዕለቱ ሰንበት ነበረ፡ ቅዳሴ'ውን ኣብ ፈርሔን ጥራሕ ኢዩ ዝነበረ፡፡ ስለዚ በዓል ኣባቴ ኣብ ቅዳሴ ኣርፈዶም፡ ካብ ቤተ ክርስቲያን ውጽእ ምስ በሉ፡ ካብ ኣጀርበብ ዚወጽእ ጸሊም ብርቱዕ ትኪ ረኣዩ፡፡ ኣባቴን ሕዝቢ ፈርሔንን ሰንበዱ። ኣባቴ ብቕልጡፍ ማኪና ገይሮም ኪረድኡ ተበገሱ። ኣብ ሣንቃ ምስ በጽሑ፡ ሰብ ሳንቃ'ውን ብዙኅ ተሸቢሮም፡ ገለ ኪሃድሙ፡ ገለ ከኣ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ተኣኪቦም ኪምህለሉ ጸንሑዎም፡፡ ኣጀርበብ ይነድድ ከምዘሎ'ውን ኣረጋገጹሎም፡፡

ነታ ማኪና ኣብ ሳንቃ ገዲፎማ፡ ምስ ኣቶ ስብሓት ጨባዕ ዝተባህሉ ምእመን፡ ብእግሮም ንኣጀርበብ ከዱ፡፡ ንኣጀርበብ ኣጸቢቑ ዘርኢ "ኣሽካና"[3] ዝበሃል ቦታ ምስ በጽሑ፡ ብዙኅ ገዛውቲ ኣጀርበብ ቁም ኢሉ ነዲዱስ፡ ቁሩብ ትኪ ጥራሕ ኬውጽእ ጸንሖም፡፡ ብጣዕሚ ሰንበዱ። ገለ ዝነደደ ወይ ድማ ዝተቐትለ ሰብ ከይህሉ እናፈርሑ፡ ናብ ዓዲ ቀረቡ፡፡ ደቂ ዓዲ፡ ገዛውቶም ኪነድድ ምስ ጀመረ፡ ሰሲሒቦም ዘውጽእዎ ገለ ቁሩብ ኣቁሑት ኪወስዱ፡ ኪገናጽሉዎ ጸንሑዎም፡፡ ዝበዝኑ ካብቶም ሕዝቢ ኣብ ኣፍ ቤተ ክርስትያን ተኣኪቦም ጸንሑዎም። ገለ ከኣ ማይ ዝኸላእካያ ህበይ ኪመስሉ፡ ጽላል ኪረኽቡ፡ ኣብ እግሪ ኣእዋም ተኣኪቦም፡ ምስ ብዙኅ ኀዘን፡ ነቲ ሓዊ ልቕምጽ ዘበሎ፡ ሰብ ዝነበሮ ዘይመስል ገዛውቶም ኪጥምቱ ጸንሑዎም፡፡ ገለ ውሑድ ዘይነደደ ገዛውቲ ጥራይ ተሪፉ ነበረ። ኣባቴ ነቲ ብኀዘንን ጥሜትን ጽምእን ገጹ ቀምሲሉ ዝነበረ ሕዝቢ ኣጸናኒዮም፡ ናብ'ቶም ወተሃደራት፡ እናነደሩ ናብ ሩባ "ተረኽበ" ገጾም ኣምርሑ።

ኣባቴ ብሕርቃን ነዲዶም፡ እናተሃንደዱ፡ ናብቶም ኣብ ሩባ "ተረኽበ"፡ ንኹሎም ሰብኡት ዓዲ ኣኪቦም ዚምርምሩ ዝነበሩ፡ ወተሃደራት መጹ። ኣብ ሻምበል ቅድሚ ምብጸሖም፡ ኣብ መገዲ ዝጸንሑዎም ወተሃደራት፡ "እንታይ ዝኾነ ኢዩ፧ ናበይ ዝኸይድ ኢዩ፧ ኪድ በልዎ!" እናበሉ ኪዛረቡ ኣባቴ ይሰምዑዎም ነበሩ። ጠኒኖም ከኣ ናብቲ ሻምበል ገጾም ኪስጉሙ ከለዉ፡ ሓላዊ ሻምበል ደው ኣቢሉ፡ ኵነታቶም ሓተቶም፡፡ ኣባቴ ከኣ ምስ ዋና ሓላፊ ኪዛረቡ ከም ዝደልዩ ሓበሩዎ። ምስ ሓለቓኡ ተዘራሪቡ ከኣ ኪሓልፉ ኣፍቀደሎም። ኣባቴ ነቲ ሻምበል፡ "ብምንታይ ምኽንያት ከም'ዚ ጌርኩም ዓዲ ኣቃጸልኩም፧..." ቢሎም ብድፍረት ተዛረቡዎ። ሻምበል ከኣ "ክትፈልጥ እዙ ዓዲ'ዙይ ዓዲ ወረበላታት ኢዩ!! ትማሊ ምሸት ኣብዚ ኣድሪሮሞም እንከለዉ፡ 'ኣይረኤናን ኣየብላዕናን...' እናበሉ ሓሶት ተዛሪቦም! ናይ'ዚ ምስክር ከኣ፡ እዚ ተማሪኹ ዘሎ ወንበዴ ኢዩ" እናበለ፡ ነቲ ኣሲሮሙዎ ዝነበሩ ጀብሃ (ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ = ተ.ሓ.ኤ) ኣርኣዮም። ኣባቴ "ክንዲ ብጹሕ ውላድካ ኣይትማሓል" ኮይኑዎም ዚብሉዎ ጠፍኦም።

ኣባቴ ሕዝቦም ኣጸናኒዮም፡ ንሳንቃ ተመልሱ። እታ ኣብ ሳንቃ ዝገደፉዋ ማኪናኦም፡ ዚምለሱ ዝነበሩ ወተሃደራት ምስ ረኸቡዋ፡ መማላለሲት ጀብሃ ኢያ፡ ነጽድፋ ተበሃሂሎም፡ ኬጽድፉዎ ሆ ኪብሉ ከለዉ፡ ሕዝቢ ናየባቴ ምዃና ገሊጹ፡ ለሚኑ ኣትረፋ። ኪፍትሹዋ ኪብሉ፡ ኵሉ ኣመላሎቐኡ፡፡ ገለ ኣቕሑታ'ውን ወሰዱዎ። ኣባቴ ምስ መጹ፡ ኵሉ ተበታቲኑ ጸንሖም። ዳግማይ ሕርቃን ኣጋጠሞም። ድኅሪ ክልተ ሰዓት ማኪናኦም ኣዓርዮም፡ እናሓዘኑ ንፈርሔን ተመልሱ። ኣባቴ ንሰብ ሳንቃን ፈርሔንን ኵነታት ኣጀርበብ ስለ ዝነገሩዎም፡ ብዝከኣሎ፡ ኮቦርታ ክዳውንቲ፡ ዚብላዕ ሒዞም ኪረድኡዎም ከዱ። ኣባቴ ከኣ ኵነታት ህድእ ምስ በለ፡ ናብ ኣቡነ ሉቃስ ሚለዚ ከይዶም፡ ኵሉ ነገራት ኣጀርበብ ስለ ዝገለጹሎም፡ ገንዘብ፡ ክዳውንቲ፡ ኮቦርታ ሓሪጭ ሃቡዎም። ኣባቴ ከኣ ንሰብ ኣጀርበብ ‹‹ ደሉዎ።

## ለ- ሓዲሽ መደብ ዕንወት ኣብ ልዕሊ ሰኵና

ሓደ ንግሆ፡ ነፋሪት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ምሉእ ሰኵና እናዘንበየት፡ ወረቓቕቲ ነስነሰት። ካብ ሰኵና ጀሚራ ክሳዕ በጁክ፡ ማርያ ጸላም፡ ማርያ ቀያሕ ሓደ ካርታ ዝተሣእሎ ዓቢይ ወረቐት ኢያ ትንስንስ ዝነበረት። ኣብቲ ካርታ ብቐይሕ ዝተኸለለ ቦታ ነበረ፡ ከምዚ ዚብል ከኣ ነበሮ *"ግማሽ ምድረ ተርቀ ይቃጠላል= ፍርቂ ምድሪ ተርቀ ኪቃጸል ኢዩ"*። ሕዝቢ እዚ ጽሑፍ'ዚ በምሓርኛ ኮይኑ ኣይተረድኦን። ኣባቴ ምስ ተርጐሙሉ ግን፡ ነገሩ ሓርቢቱዎ ዚብሎ ጠፍኦ። ብዙኅ ከይደንጎየ ከኣ እቲ ናይ ጥፍኣት ወፈራ ፈለመ።

---

[3] ሕዝቢ «ኣሽካና» ኣብ ዝተባህለ ቦታ ኪበጽሕ ከሎ «ኣሻካና ማላናኹ» = «ገርግስ መጋርሕ» እናበለ ናብ መጋርሕ (ንከረን) ገጹ እናሰገደ ኣመስጊኑ፡ ሓንቲ እምኒ ድርብይ ኣቢሉ ዜዕርፈሉ ቦታ ኢዩ።

## 1- ምቅጻል ሙሻ ዓይግ

ወረቐት ምስ ተደርበየ ዳርጋ ድኅሪ ቁሩብ መዓልታት፡ ጦር ሠራዊት፡ ዕለት 26 ኅዳር 1970 (፳፮ ኅዳር ፲፱፻፸) ሙሻ ዓይግ ኣቃጸሉ። ብማዕዶ ትኪ ዒግ ምስ በለ፡ ኣባቴ ምስ ሕዝቦም ኹኅታት ሙሻ ዓይግ ኣስተውዓሉሉ። ኣባቴ ማኪናኦም ሒዞም ሕዝቢ ኪረድኡ ጐየዩ። ፈለዳርብ ምስ በጽሑ ካብ ሙሻ ዝሃደሙ ሕዝቢ፡ ኣብ መገዲ ረኺቡዎም እሞ ኵሉ ኹኅታት ኣዘንተዉሎም፤ "ወተሃደራት ዓድና የንድዱዎ፡ ይራስዩዎ ኣለዉ።.... ተናግፉዎ ስለ ዘይቡልኩም ሃየ ንዑና ተመለሱ..." ቢሎም ነባቴ መለሱዎም። ምስ ሕዝቦም ከኣ ንፈርሔን ገጾም ኣምርሑ። እዚ ብሙሻ ዓይግ ምቅጻል ዝፈለመ፡ ብሻምበል ከበደ ዚምራሕ ጦር ሠራዊት፡ ንስኵና ኪቃጽል ዝተመዘዘ ነበረ። ንብረት ምስ ራሰዩ፡ ገዛውቲ ድማ ምስንደዱ፡ ዚሓድሩሉ ቦታ፡ ከባቢ ሩባ ዓንሰባ ነበረ። ስለዚ ቀዳመይቲ መዓልቲ ሙሻ ዓይግ ምስንደዱ፡ ዓንሰባ ተሳጊሮም ወሰበንስረኽ ኣቃጸሉ።[4]

## 2- ምቅጻል ፍሶሩኸን ሙሻ ሸባሕን ፈለዳርብን

ሙሻ ዓይግ ምስ ኣቃጸሉ፡ ኣብ ሣልስቱ፡ ምሸት ቀዳም 28 ኅዳር 1970 (፳፰ ኅዳር ፲፱፻፸) ወተሃደራት ኢትዮጵያ ንፍሶሩኸ ኣንዲዶም፡ ኣብ ዓንሰባ ሓደሩ። ንፍስሩኸ ከንድዱ እንከለው፡ ክልተ ኣንስቲ ሰብ ፍሶሩኸ ማለት *ማሕየዊት ዘርእሥላሴ* ሰይቲ *ሐመድናካ* ናሸሕ እኩብ፡ እታ ካልኣይቲ ከኣ *ድንሳ ዕመር* ሰይቲ ኣዳላ ናሸሕ እኩብ ቀቲሎም ነበሩ፡፡ ምድሪ ምስ መሰየ፡ እቶም ጦር ናብ ዓንሰባ ኣቢሎም ምስ ወረዱ፡ ደቂ ዓዲ ነዘን ክልተ ኣንስቲ ኪደልዩወን ኣምሰዩ፤ ኣብ "ሽካት" ዚበሃል ሩባ ጥቓ ፈለዳርብ[5] ከኣ ረኺቡወን'ሞ፡ ደቂ ዓደን ሬሳ ተሰኪሞም ንፈርሔን ኣምጽኡዎ። ኣባ ተወልደብርሃን ምስ ምእመናኖም ብለይቲ ቀበሩወን።

ቀዳም ምሸት እቶም ጦር ሠራዊት፡ ንፍሶሩኸ ከንድዱ እንከለው፡ ደቂ ሙሻ ሻባሕ ደወል ደዊሎም፡ ኵሎም ክርስቲያኖም እስላሞም ኀቢሮም፡ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ተኣኪቦም ኪምህለሉ ኣምሲዮም ነበሩ፡፡ እዚ ኪገብሩ እንከለው፡ ብማዕዶ ኣብ ኅቦ ኮይኖም ዚርእይዎም ዝነበሩ ጀብሃ፡ ምድሪ ምስ ዓረበ ነቶም ሽማግለ ዓዲ ጸውዑዎም፤ "ንስኻትኹም ንመንግሥቲ ኢትዮጵያ ብዓጀብ ክትቅበልዎም ኢልኩም ደወል ደዊልኩም፡ ሕዝቢ ኣኪብኩም ክትጽበዩዎም ውዒልኩም። ሕጂ ኣብዚ ዓዲ እዙይ ሓደ ማሕሰእ'ኳ እንተ ሞተ፡ ሓላፍነት ኣብ ርእስኹም ኢዩ፡፡ ንሕና ብወገንና'ውን እንገብረኩም ኣሎና። ክትድኅኑ እንተ ደሊኹም፡ ዓድኹም ኅዲግኩም፡ ኵልኹም ንመሮር ህደሙ፡ ..." እናበሉ ምፍርራህ ዝተሓወሶ ሰምዕታ ሃቡዎም፡፡ ሽዑ ሕዝቢ ፈሪሑ፡ ኣቕሑቱን እኽሉን፡ ኣብ ዓዲ ዛሕዚሑ፡ ጥሪቱ (ከብቱ) ጥራይ ሒዙ ናብ ኅቦታት ሃደመ፡፡

ሰንበት 29 ኅዳር 1970 (፳፱ ኅዳር ፲፱፻፸) እቶም ጦር ኣንጊሆም ናብ ሙሻ ሸባሕ መጹ። እቶም ወተሃደራት፡ ኣብ ዓዲ ቅድሚ ምእታዎም ግን ሓደ ካብቶም ጀብሃ፡ ኣብ "ክብት ወዲ ሠመራ" ዝተባህለ ቦታ ኮፍ ኢሉ ይርእዮም ነበረ'ሞ፡ ናብ ዓዲ ቅርብ ምስ በሉ ዓው ኢሉ ኣምሪሩ እናጸረፎም "ናበይ ትኸዱ! ተመለሱ ..." እናበለ ኣፈራሪሁዎም፡ ናብቲ ኅቦ ሃደመ። ወተሃደራት ኵሎም ኣብ ምድሪ በጥ በሉ። ቀስ እናበሉ ከኣ፡ ገሊኦም ብበጠበጥ ናብታ ንሱ ዝነበራ በራኽ ወጺኦም፡ ኣርበዕተ ጊዜ ተኰሱሉ፡ ግን ኣይረኸቡዎን። ንሙሻ ሸባሕ ኣኽቢቦም ሓዙዋ። ኣብ'ቲ ዓዲ ግን ብጀካ ሠለስተ ፈለስትን ሓደ ሰብኣይን ካልእ ሓደ'ኳ ኣይጸንሖምን፡፡ ነተን ፈለስቲ ማለት እናቴ ለተማርያም ቢያኑ፡ እናቴ ኖረት(ለተብርሃን) ተ/ማርያም፡ እናቴ ለትዝጊ መንታይ፡ ጸዊዖም ብዙኅ ነገራት ሓተቱወን፤ "ወንበዴታትዶ ሪኢኽን፤ እዞም ደቂ ዓዲኽ ናበይ ከይዶም፤..." ዚብል ሕቶታት ኣቕረቡለን። "ንሕና ሓንቲ'ኳ ይረኣናን!" ቢለን ምስ መለሳ፡ ጅባኦን ጐርጒሮም 200 ቅርሺ ወሰዱለን። ከምኡ ከኣ ሓንቲ ጠርሙስ ወይኒ ቅዳሴ ኣሕዲጎም ሰተዩዋ። እዘን እናቴታት ነዚ ኵሉ ተጻዊረን ከረን ኣተዋ።

ብድኅሪዚ ጦር ሠራዊት፡ ናብ ፈለዳርብ ገጾም ኣምርሑ፡፡ ሰብ ፈለዳርብ፡ ኵሉ ኹኅታት ስለ ዝተገንዘቡ፡ ዕጭኦም ከም ዝኣኸለ ኣስተውዒሎም፡ ገለ ብለይቲ ተጠዋውዮም ከረን ኣተዉ፡ ገለ ከኣ "ስሔ" ናብ ዝተባህለ በረኻን ጸድፍን ዝኾነ፡ ኪነው ኣጀርበብ ዝርከብ ቦታ ሃደሙ፡፡ ብኡ ኣቢሎም ከኣ ገሊኦም ንኸባቢ ኣፍዓበት ኣቢሎም ገዓዙ። ገለ ከኣ ንበስክዲራ፡ ፈርሔን መጹ። ጦር ሠራዊት ፈለዳርብ ኣቃጸሉ፡ ንብረት ዘረፉ።

## 3- ምቅጻል በስክዲራ

በስክዲራ ዚብል መጸውዒ ብኽልተ ቃላት ብሌን ዝቖመ ኢዩ፤ "በስክ" - "ዒቃ"፡ "ዲራ" - "ድማ" ማለት ኢዩ። እዚ ከኣ ነቲ ኣብ ትሕቲ ዓበይቲ ድማ ዝበቝል ዒቃ ዜመልክት ኢዩ።

---

[4] ኣብዚ ጊዜ እዚውን ወሰበንስረኸ፡ ፋፍዳ፡ ጥቓ ጸባብ ዘላ ሽምሊኸ ዝተባህለት ንእሽቶ ዓዲ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ከም ዜቃጸሉዎ ይፍለጥ።

[5] ፈለዳርብ ካብ "ፈለድ ኤረብ" ዝወጸ ኮይኑ ቀንዲ ትርጕሙ ከኣ "መቓብር ፈላሲ" ማለት ኢዩ።

ከመይ ኣብቲ ከባቢ፣ ክሳዕ ሎሚ ኣሠሩ ዘይጠፍአ፣ "ድማ" (ዲራ) ብብዝሒ ከም ዝነበረ ይፍለጥ። ኣጉዶ ኪሰርሑ ከለዉ ከኣ ነቲ መጸውር በቲ ዒቃ ይኣስሩዎ ነበሩ። በስከዲራ ቅድሚ እዚ ኣብ ታሕቲ ከነዘንቱዎ ተቐሪብና ዘሎና መሪር ህልቂትን ዕንወትን ምፍጻሙ፣ እንተ ወሓደ ብሠለስተ ነገራት ናይ ሰኩና ማእከል ሥልጣኔ ከም ዝነበረት ይፍለጥ።

1) ኣብ ምሉእ ሰኩና ዝነበት እንኮ ቤት ትምህርቲ፣ ኣብ በስከዲራ ትርከብ ነበረት። እዛ ቤት ትምህርቲ እዚኣ ብ1962 ብኣባ ገብረ ቅዱስ መስቀልን ብምትኅብባር ሕዝቢ ሰኩና ዝተሰርሐት ኢያ።[6] ካብ ምሉእ ሰኩና እናመጹ ዝመሃሩላ ዝነበሩ ኢያ። ዳርጋ ኩሎም እዞም ሎሚ ካብ 40 ዓመት ንላዕሊ ዘለዉ ምሁራን ደቂ ሰኩና፣ በዛ ቤት ትምህርቲ እዚኣ ዝኀለፉ ኢዮም ክንብሎም ንኽእል።[7] በዚ ቤት ትምህርቲ በስከዲራ እናተማህራ ዝኀለፉ እናቴ ፓስኳሊና ሕመድ "ጽበት ቤት ትምህርቲ ስለ ዝነበረ፣ ክልተ ክፍሊ (ንኣብነት ቀዳማይን ካልኣይን) ኣብ ሓደ ገዛ ብምዃን፣ እቶም ቀዳማይ ንምብራቕ ገጾም ኮፍ ይብሉ፣ ሰሌዳ ኣብ ቅድሚኦም ይግበረሎም፣ እቶም ካልኣይ ክፍሊ ከኣ ንምዕ ራብ ገጾም ኮፍ ይብሉ፣ ንኣታቶም'ውን ኣብ ቅድሜኦም ሰሌዳ ይግበረሎም፣ ከምዚ ቢሎም ከኣ ትምህር ይውዕሉ ነበሩ" ቢለን ይምስክራ።

2) ቀደም፣ ቅድሚ ምድምሳስ በስከዲራ፣ ኣብ ምሉእ ሰኩና ዝነበረት ሓንቲ ድኳን፣ ኣብ በስከዲራ ትርከብ ነበረት። እዛ ድኳን'ዚኣ እንዳ ኣቶ ሽከር ልጃም ተኸለየስ ነበረት። እዛ ድኳን'ዚኣ፣ ኣብቲ እዋን እቲ፣ ንሕዝቢ ዜድሊ ዝኾነ መሠረታዊ ነገራት እናቐረበት ኣገልግሎታ ትህብ ነበረት። ተመሃሮ ሰኩና ትምህር ውዒሎም ሰድራኦም ኮነ ደቂ ዓዶም "ገዚእኩም ኣምጽኡልና" ዝበሉዎም ኩሉ ይዕድጉ ነበሩ። ዝጸገሞ ከኣ ተመዝጊቡ ይወስድ'ሞ፣ ቀውዒ ዕድኡ ይኸፍል ከም ዝነበረ ደቂ ዓዲ የዘንትዉ።

3) በስከዲራ ምስ ሙሻ ዓይግ፣ ብጽቡቕ ኣገባብ ዝተሃንጸ፣ ምዕርግ ዝበለ መስጊድ ዝነበረን ኮይንን፣ ዋና ማእከል ምስልምና ምዃነን ይፍለጥ።

በዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰን ካልእ ነገራትን ተሠንያ፣ ናብ ምዕባለ ገጻ ሰለይ ትብል ዝነበረት በስከዲራ፣ ብሰንኪ ጭካነ ወተሃደራት ኢትዮጵያ፣ ተቐጽየት። እቲ ብሙሻ፣ ብፍሶሩኹ፣ ብፈለዳርብ ጀሚሩ፣ ምቕታልን ንብረት ምዝማትን፣ ምቅጻልን፣ ብመደብ፣ ስራሕና ቢሎም ተታሓሒዞሙዎ ዝነበሩ ወተሃደራት ኢትዮጵያ፣ ንበስከዲራ ዝፈርዱላ መዓልቲ ኣኸለት።

ጦር ሠራዊት ኣብዘን ልዕል ኢልና ዝጠቐስናየን ዓድታት፣ ግፍዒ ምስ ፈጸሙ፣ ሰብ በስከዲራ "ሎሚ'ምበኣር ናባና ገጾም ኢዮም" ብምባል ብፍርሂ ተሸቑረሩ። ምሸት ሰንበት 29 ኅዳር 1970 (፳፱ ኅዳር ፲፱፻፸፫) ኩሎም ደቂ በስከዲራ ንዘተ ተኣከቡ፤ "በሉ ሎሚ ኣብ ሩባ ዓንሰባ ሓዲሮም አሎዉ'ሞ፣ እንተመጹና፣ ኩልና ተአኪብና ንቀበሎም..." ቢሎም ተሰማምዑ። ንሠራዊት ኢትዮጵያ ገጸ በረኸት ኪኸና ክልተ ላም ቀሪቦም ሓደሩ።

ንጉሆ ሰኑይ 30 ኅዳር 1970 (፴፩ ኅዳር ፲፱፻፸፫)፣ በዓል ማርያም ጽዮን መዓልቲ፣ ሰብ ሳንቃን ሰብ ሓንጎልን፣ ገለ ቁሩብ ሰባት ካብ ፍሶሩኹን ፈለደርብን፣ ምስ ሰብ በስከዲራ ሠመሩ። እቶም ሰብ ሳንቃን ሓንጎልን ናብ ካህናቶም፣ ናብ ፈርሔን ኪመጹ ከለዉ፣ ገለ ሰብ በስከዲራ ምስኦም ኪሕወሱ ምስ ለመኑዎም፣ ተጸንበሩዎም። ኣስላሞምን ክርስቲያኖምን ብሓንሳብ ነበሩ። በቲ ጊዜ'ቲይ ኣብ በስከዲራ ከም መጠን መምህር ትምህርተ ክርስቶስ (ካተኪስታ)፣ እናቴ ለተመድህን እክት ነበራ። ኩሎም ክርስቲያን ኣብ ቅድሚ ቤተ ክርስቲያን በስከዲራ ኣኪበን፣ መስቀልን ሥእሊ ኪዳነ-ምሕረትን ቅዱስ ጊዮርጊስን ሒዞም ተሠርዑ። መቑጸርያ እናደገሙ፣ ኣብ ሣልሳይ ናይ ደስታ ምሥጢር ምስ በጽሑ፣ ጸሎቶም ከይወድኡ እንከለው፣ ካብቶም ኣብ ወገን መስጊድ ተኣኪቦም ዝነበሩ ኣስላም፣ ሓደ ሰብኣይ ተላኢኹ መጸ፤ "ብወገን መስጊድ ኪመጹ ቀሪቦም ኣሎዉ'ሞ፣ ንስኻትኩም'ውን ከይትፈርሑን ከይትስንብዱን!! ብሓንሳብ ኰይና ኅቢርና ክንቅበሎምን ክንዕጅቦምን፣ ከምኡ ከኣ እተን ክልተ ላም ከነወፍየሎም እንከሎና ከመዕርገልናስ፣ ናባና ተሓወሱ" ዚብል መልእኽቲ ኣብጽሓሎም።

ድሕሪ'ዚ እቶም ክርስቲያን ተሠሪዖም፣ መቑጸርያኦም እናደገሙ፣ ብማእከል ዓዲ ሰንጢቖም፣ ኣብ ጥቓ ገዛ እንዳ ኣቶ ብእምነት ማለት ኣብ ጥቃ መስጊድ ኪበጽሑን፣ እቶም ወተሃደራት በታ ድኅሪ መስጊድ ዘላ በራኸ ቅልቅል ኪብሉን ሓደ ኮነ። ሕዝቢ ኩሉ ጦር ሠራዊት

[6] ብሩራዊ ኢዮቤል "25" ዓመት ማ.ን.አ.ካፑቺኒ ኣብ ሰኩና፣ ሓምለ 1955 - ሓምለ 1980 ዓ.ም.ኢ. (1963 - 1988 ዓ.ም.ፈ.)1988 ገጽ.9ዎ34-36።
[7] ቅድሚ ቤት ትምህርቲ በስከዲራ ምጅማራ፣ ኣብ ኢጀርበብን ሙሻ ሸባሕ ዳስ ጌሮም ኃይሊ ነገሩ ትምህርተ ክርስቶስ ዝኾነ፣ ትምህርቲ ፊደላት ምቑጻርን ካልእ መባእታዊ ትምህርቲን ዜጠቓለለ ከም ዝነበረ ይፍለጥ። እዚ ናይ በስከዲራ ግን ብዘመናዊ ኣገባብ ኮይኑ፣ ክርስቲያኖም ኣስላሞም ብሓባር ዚመሃሩሉ ዝነበሩ፣ ምዕብል ዝበለ ቤት ትምርህርቲ ነበረ። (ብሩራዊ ኢዮቤል "25" ዓመት ማ.ን.አ.ካፑቺኒ ኣብ ሰኩና፣ ገጽ 33-36 ተመልከት)

ምስ ረኣዩ ፍርሓትን ጥርጠራን ኀደሮም።

እቶም ወተሃደራት ከኣ፡ ነቶም እኩባት ሰባት ምስ ረአይዎም፡ ወተሃደራዊ ሰላምታ አቕረቡሎም። ሰላምታ ምስ ገበሩሎም፡ ሕዝቢ ብዕልልታን ጣቒዒትን መለሰሎም። ጦር ናብቲ ሕዝቢ ቅርብ ቢሎም "አጆኹም አጆኹም፡ ነጀው ቅረቡ፡ ..." በሉዎም። ሕዝቢ-ዓዲ እዚ ተኣኪቡ ዘሎ ጥራይ ምኳኑ ምስ ኣረጋገጹ፡ "ንሕና ክንቀትለኩም ኣይመጸእናን! አይትፍርሑ! ንሕና እንደልዮም ዘሎና፡ ነቶም ንስኻትኩም ኩሉ ጊዜ እተብልዑዎምን እተስትዩዎምን "ወንበዴታት" ክንቀትል ኢና መጺእና ዘሎና እሞ፡ ሕጂ ዓድኹም ሰላም ዲዩ፡ ትኺንን ቈንጭን (ጀብሃ) እንተዘይብላ ድኒንኩም ኢኹም። ሓንቲ አይንገብረኩምን ኢና፡..." እናበሉ ኣጸናንዕዎምን አጠንቀቑዎምን። እቶም ሕዝቢ ከኣ ቅድሚኡ ዘሎ መዓልቲ ንጀብሃ (ተ.ሓ.ኤ.) አድሪሮምን ኣሕዲሮምን እንከለው፡ ዳሕራይ መዓልቲ ጀብሃ ከይቀትሉዎም ፈሪሖም፡ "ሓንቲ የልቦን፡ ኩሉ ሰላም ኢዩ፡" እናበሉ ምስ ኣረጋገጹሎም፡ እቶም ወታሃደር ተሓጒሶም፡ "ከማኹም ተአኪቡ ብዓጀባ ዝተቐበለና ሰብ ቅድሚ ሕጂ ኣይረኸብናን..." በሉዎም። እቲ ሻምበል ኣብ ድኅሪት ተሪፋ ስለ ዝነበረ፡ ንሱ ክርእዮም ናብኡ ገጾም ኪኸዱ፡ ብኽልተ ወተሃደራት ተሠንዮም ነቐሉ። እቶም ካልኦት ወተሃደራት ንሓለዋ ከባቢ ምእንቲ ኪጥዕሞም፡ ናብቲ ጥቓኦም ዝነበረ ናእሽቱ ኅቦታት፡ ንቕድሚት ኀለፉ። ሕዝቢ ከኣ ከም ባንዴራ ጻዕዳ ነጸላ ኣብ በትሪ አሲሮም በልበል እናበሉ፡ ክልተ ላም እናኾብኮቡ፡ መቍጸርያ እናደገሙ፡ ተሠሪዖም ናብ'ቲ ሻምበል ገጾም ተበገሱ።

ኣብዚ ጊዜ'ዚ፡ ጃብሃ (ተ.ሓ.ኤ)፡ ጦር ሠራዊት ከም ዝመጹ ፈሊጦም፡ ኣብ ምብራቕ በስክዲራ ዚርከብ "ሸንን" ዝተባህለ ኅቦ ኀልፍ ኢልካ ዘሎ እምባታት ጀሚሮም፡ ብሳንቃ ኣቢሎም ክሳዕ ኮከን ዝተባህለ ቦታ፡ ሰንሰለታዊ ድፋዕ ሒዞም፡ ዓሪዶም ሓደሩ። ሕዝቢ ግን ነዚ ወተሃደራዊ ምሥጢር ጀብሃ ይፈልጦ ኣይነበረን። ኣብኡ ጀብሃ ይጸንሑዎም ኢዮም ኢሎም'ውን ይሓስቡ ኣይነበሩን። እዚ ኩሉ እቶም ጦር ሠራዊት ምስ ሕዝቢ ኣብ በስክዲራ ኪዋስኡ ከለዉ፡ ጀብሃ ኣብ ተጠንቀቕ ኢዮም ነይሮም።

ሕዝቢ ሻምበል ኪቕበል፡ ካብ'ቲ ዓዲ ቁሩብ ፍንትት ቢሉ፡ ናብ ፈለዳርብ ዜብል መሮር ምስ በጽሐ፡ እቶም ኣብ ስግር ሩባ ቤት-ህመም፡ ብድሮ ተሰናዲዮምን ኣዝጊቦምን ዚጽበዩ ዝነበሩ ጀብሃ፡ እቶም ወተሃደራት ጽግዕ ምስ በሉዎም፡ ተኹሲ ከፈቱ፡፡ ነቶም ወተሃደራት ከኣ ልሕስ ኣበሉዎም። ሽዑ እቶም ንሕዝቢ ኣሠንዮም ዚኸዱ ዝነበሩ ወተሃደራት፡ ነተን ክልተ ላም ብቕጽበት ቀተሉወን። ነቶም ሕዝቢ ከኣ፡ ኣብ ሻምበል ከይበጽሑ እንከለው፡ ብቝጥዓ እናገንሑ፡ ኣብ ሓደ ሽንጭሮ እኪብ አበሉዎም። "ኣብዚ ጽንሑ! ሓደ ከይሃድም! ንዝሃደመ መንግሥቲ ኣይትምሕሮን ኢያ። ንሕና ግን ምስቶም ንስኻትኩም ኣብሊዕኹሞምን ኣስቲኹሞምን እንከሎኹም፡ ኣይርኤናዮምን ዝበልኩሞም 'ወንበዴታት' ክንዋጋእ ኢና!..." ቢሎም ሓደ ኀላዊ ኀዲጎም ከዱ፡፡ ብኡብኡ ከኣ ብኹሉ ቦታ ብርቱዕ ተኹስን ዕግርግን ኮነ፡ ወተሃደራት ኢትዮጵያ፡ ካብ በስክዲራ ስግር-ነጀው ኮይኖም ክሳብ "ጐቦ ሸንን" ተሰሊፎም፡ ጀብሃ ብስግር ኔው ኮይኖም፡ ካብ "ኮከን" ክሳብ "ዔላ ቀሸ" ዓሪዶም፡ ካብ ሰዓት ትሸዓተ ናይ ንጋሆ ክሳብ ሰዓት አርበዕተ ናይ ምሸት ብጠበንጃን ቦንባን ትርሸን መዳፍዕን ኪዋግኡ ወዓሉ፡፡

ነዚ ኩሉ ኩነታት ዝረኣየ ሕዝቢ ጸሎት ብምግባር ደኸመ። ቆልዑ ብጥሜትን ጽምእን ነቐጹ። እናቴ ለተመድኅን እክት፡ ነቲ ዝሕሉዎም ዝነበረ ወተሃደር፡ "ቆልዑ ብጥሜትን ጽምእን ይበኽዩና ኣለዉ። ካብዚ ዓዲ ገለ ክነምጽኣሎም ዘይተፍቅዱልና..." በላኦ። ንሱ ከኣ "ስቕ በሊ፡ ከረን ክንወስደኩም ኢና" ቢሉ ዓጸወን።

ኣብቲ ናይ በስክዲራ ህልቂት ዝወዓላ'ሞ፡ ካብ ብሱል ጥረ ኮይነን ዝደኀና እናቴ ለተመድህን እክት፡ ኣብቲ እዋንቲ ነባ ተወልደብርሃን፡ ሎሚ ድኅሪ 30 ዓመት'ውን ነባ ዘርኣያዕቆብ ዘዘንተዋሎም እንሆ፤ "ቁሩብ ጽንሕ ምስ በልና ገሊኦም ወተሃደራት፡ ናባና መጺኦም እዚ ዚስዕብ ሓተቱናን ተዛረቡናን፤

- ወተሃደራት፡ "ትግርኛ ትሰምዑ ዲኹም፧"
- ሕዝቢ፡ "እወ"
- ወተሃደራት፡ "እምበአርከስ እዞም ሸፍታ ትማሊ ምሸት አበይ ተደሪሮም፧"
- ሕዝቢ ከአ "ንሕና አድሪርናዮም እንተንኸውን፡ ኣብዙ ዓንሰባ እንዲኹም ሓዲርኩም፡ ሽዑ ምነገርናኩም ኔርና፡ ንሕና ኣየድረርናን..." እናበሉ ፈጺሞም ከሓዱ፡፡

-እቶም ወተሃደራት ከአ፡ "ግደፉ፡ ሓሶት አይትዘረቡ! መንግሥቲ ሓቂ ምዝራብ ኢያ ትፈቱ። ካብ ኣይረኣናን ምባል፡ ፈሪሕና አድሪርናዮም ምባል ይሕሸኩም..." እናበሉ ኣምሪሮም ኪ እንተገንሑዎም፡ ሕዝቢ ኣብታ ሓንሳእ ዝበሉዋ ቃል ጸንዑ፡፡

- ወተሃደራት፡ "ክርስትያን ዲኹም እስላም፧"
- ሕዝቢ "እስላምን ክርስትያንን ኢና"፡፡
- ወተሃደራት፡ "ክርስትያንዶ እስላም ትበዝሑ፧"
- ሕዝቢ "ማዕረ ማዕረ ኢና"፡፡

ሽዑ ንኣቶ ተስፉ አልመዶም ጸዊዮም፡ ንእሽቶይ ቅንጣብ ወረቐት ሂቦም ናብ ሻምበል ለኣኹዎ፡፡

ኣብ ህልቂት በስክዲራ ብዕለት 30 ኅዳር 1970 ናይ ዝሞቱ ቍጽሪ ፍልልያት ዘለዎ ክልተ ሰነድ ኣሎና፤

1) ኣብዚ ናይ ሰኩና መሪር ህልቂት፡ ኣባ ተወልደብርሃን ኣብቲ በቲ ጊዜቲ (1970) ብውልቆም ዘሰነዱዎ ኅጺር ጽሑፍ፡ 97 ክርስቲያን፡ 25 ከኣ ኣስላም፡ ኵልኹሎም 122 ሰባት ከም ዝሞቱ ተጻሒፉ ኣሎ (እዚ ከኣ ምስተን ኣብ ፍሰሩዥ ዝሞታ ክልተ ኣንስትን 4 ኣብ ያና ዝሞቱን ሓዊስካ ኢዩ)።

2) ኣብቲ ፊት. ሚካኤል ሓሳማ ራካ ዝጸሓፉዎ፡ ብ1992 ዝተኅትመ መጽሓፍ፡ <u>ሃንታ ኤርትራ</u>፡ ገጽ 186፡ ኣብ ያና ዝሞቱ 714፡ ኣብ በስክዲራ ዝሞቱ ከኣ 160 ምዃኖም ኣመልኪቶም ኣሰዉ።

ንህልቂት በስክዲራ ብዝምልከት፡ ምስ ደቂ ዓዲ ኮንና ኣብ ዝገበርናዮ ጸብጻብ ግን 93 ክርስቲያን 31 ኣስላም፡ ኵልኹሎም ከኣ እዞም ኣብ ኣብ ታሕቲ ኣስማቶምን ዓዶምን ሃይማኖቶም ተመልኪቱ ዘሎ 124 ሰባት ከም ዝሞቱ ከረጋግጽ ክኢልና። ጸብጻብ ደቂ ዓዲ ምስቲ ናይ ኣባ ተወልደብርሃን ዳርጋ ጽቡቕ ተጋጢሙ። ፍልልዩ ሠለስተ ነገራት ጥራይ ኢዩ፤

1) ኣብ ጸብጻብ ኣባ ተወልደብርሃን ዝሞቱ ክርስቲያን በዚሖም (97 ሰባት)፡ ኣስላም ከኣ ውሒዶም (25 ሰባት)።

2) ጸብጻብ ኣባ ተወልደብርሃን ብሓፈሻ 122 ኪኸውን ከሎ፡ እቲ ኣብ በስክዲራ ኬድና ዝገበርናዮ ጸብጻብ ግን 124 እዩ።

3) ኣብቲ ናይ ኣባ ተወልደብርሃን ኣስማት ዝሞቱ ሰባት ገለ ምድንጋር ኔሩዎ። ሕጂ ግን ኣባ ተወልደብርሃን ኣብ ዘለዉሉ ኣብ በስክዲራ ኬድና ኣጻሪናዮ በሃልቲ ኢና። ጌጋ እንተሎ ከኣ ክሕበረና ብትሕትና ንሓትት። ኣባ ተወልደብርሃን መዝጊቦሞም ዝጸንሑ ገለ ሰባት፡ ኣብቲ ህልቂት ቆሲሎም ዝነበሩ ደኅር ዝሓወዩ ምዃኖም ሎሚ ዘለዉ ደቂ ዓዲ ገሊጾሙልና።

ስለዚ ኣብታ መስጊድ ዝሞቱ ክርስቲያን 87፡ ኣስላም 31፡ ብሓፈሽኡ 118 ሰባት ሞይቶም። እዞም ኣብ መስጊድ ዝሞቱ 118 ሰባትን፡ እተን ኣብ ፍሰሩዥ ዝሞታ 2 ኣንስትን፡ ኣብ ያና ዝሞቱ 4 ሰባትን ደማሚርካ ኵልዅሎሞ ኣብ ምሉእ ሰኩና ዝሞቱ ክርስቲያንን ኣስላምን 124 ሰባት ኣቢሎም ነበሩ።[8]

ዝርዝር ኣስማቶም መምስ ዓደም ከምዚ ዝኽተል ኢዩ፡[9]

1. *ሓንጐል (15 = ክርስቲያን)*

1. ራህያ ሰይቲ ተስፈ ገብርረቢ
2. ኣመተልደት ተስፈ ገብርረቢ
3. ለተንጉሥ ተስፈ ገብርረቢ
4. ረዳእ ገብርረቢ ኣጕዱባይ
5. ጀውዲ ሰይቲ ኣጕዱባይ ገብርረቢ
6. ለተዝጊ ኣጕዱባይ ገብርረቢ
7. ገብርኤላ ኣጕዱባይ ገብርረቢ
8. ጸጋ ኣጕዱባይ ገብርረቢ
9. ወልዱ ሕኒት መይቤቶት
10. ናሥራ ሰይቲ ግላይ ሕኒት
11. ተኽላይ ግላይ ሕኒት
12. ዓንዳይ ግላይ ሕኒት
13 ኣመተ ኢሻቕ መሓመድ
14. (ሕጻን) ጓል ዑቕባልደት
15. ሕኒት ተስፈ ገብርረቢ

2- *ሳንቃ*
*(ክርስቲያን)= (12)*

1. ኣመት እከት ልባብ
2. ለምለም ሰይቲ ተስፉ ዳርስሊሕ
3. ሚኪኤለት ሰይቲ ሓመድናካ ዘርእየስ
4. ማኅደር ሓመድናካ ዘርእየስ
5. ኣማይር ሓመድናካ ዘርእየስ
6. ክፍለ ሓመድናካ ዘርእየስ
7. ፍረወይኒ ሓመድናካ ዘርእየስ
8. መድኅኑ ሰይቲ ተስፋዮሓንስ እብትጊዮርጊስ
9. ኣድሓነት ተስፋዮሓንስ እብትጊዮርጊስ
10. ኬማ መብራህቱ ይሻቕ መሓመድ
11. ሃብተዝጊ መብራህቱ ይሻቕ መሓመድ

*(ኣስላም) = (5)*

8. ኣጕሳዕና ዘርኦም ሕድርየስ
9. ሰኔት ዘርኦም ሕድርየስ
10. ኣምና ዘርኦም ሕድርየስ
11. ኖባ ሰይቲ ዘርኦም ሕድርየስ
12. ሓዋ ሰይቲ ሳሊሕ መሓመድ (በዓልቲ ወሰበንሰረዥ)

3- *ፍሰሩዥ = (7)*

[8] ብዕለት 1 ሚያዝያ 2001፡ ነዚ ጸብጻብ ኣስማት ኣብ በስክዲራ ዝሞቱ ንኽነጻሪ ዚሓገዙና፡ እናቴ ፓስኪሊና (እመትንግሌ) ሕመድ ጨባዕ (ማኅበር ደናግል ካፑቺን)፡ ካብቲ መዓት ዝደኅኑን ወረቐት ናብ ሻምበል ዜብጽሑን ኣቶ ተስፉ ኣልመዶም፡ ኣቶ ኣጕድባይ ኣንሰራ (ኣብ ፈርሔን ምስ ካህን ለቢሱ መስቀል ሒዙ ንወተሃደራት ኢትዮጵያ ዝተቐበለ)፡ ኣቶ ኤሎስ ኢብራሂም፡ ኣቶ ገብሩ ሕኒት፡ ወ/ሮ ክብራ ዓሳማ፡ ወ/ሮ መድኃኒት ተስፉ ኢዮም። ከምኡ ከኣ ኣቶ ብርሃን ነዳል በዓል ሳንቃ ነባ ብርሃን ሃብተ (ማ.ካፑቺን) ዝተረፉ ኣመልኪቶሙሎም። ንኹሎም ብልቢ ከኣ ነመስግኖም።

[9] ኣብ ህልቂት በስክዲራ ገለ ተኣልዮም ዝጸንሑ፡ ማል ኪንሰዩ ዝወፈሩ፡ ሰብ በስክዲራ ዝደኅኑ ከም ዝነበሩ ይፍለጥ። ሎሚ ንበስክዲራ ኣብ እትኸደሉ፡ "እዚ ተወጊኡ ዝደኅነ ኢዩ። እዙይ፡ ብምስንባድ፡ ዝተወግአ መሲሉዎ ዜእዊ ዝነበረ ኢዩ..." እናበሉ ብዙኅ ይዛረቡኻ። ሓንቲ

17. ኣምና ሰይቲ ያሲን ኣፍታይ
18. ሰኔት ሰይቲ ሓምድ ሕመድ ዑመር
19. ኣልጻጅ ይሻቕ ሰይቲ ኣድም ኣጽማድ
20.ዕመር ጅምዕ ዓበ (ጓሳ ዓዲ ዓሰማ ገብረትንሣኤ)
21.ዳህባ ኢብራሂም መሓመድ ሰይቲ ዓብደልቃድር ብእምነት
20. ሕጻን ወዲ ካራር ከሊፋ ብእምነት
21. ሑሰን ኣቡበከር ከሊፋ ሳልሕ
22. ዛህራ መንደር ብእምነት
23. ጓል ጓላ ንኣልጻጅ ሓሊማ እድሪስ
24. ድካን ሸካይ ኖር ሰይቲ ጅምዕ ፍካክ
25. ሓሰን መሓመድ ዓሊ መፍለስ
26. ኣሚና ተስፉ ዘርኡ (ጓል ዳህባ ዓሊ ኖር ነባራይ)

## 6-ኣብ ዖና ዝሞቱ ሰብ ሰኩና = (4)

1. ኣድሓና ገብርረቢ ማይቤቶት (በዓል ኣጀርበብ፡ ንዖና ኀውቱ ክርኢ ዝኸደ)።
2. ጃምዕ ዑቕባይ(መርዓት) ዕትማን
3. ሰኔት ሙሳ (ፋፍዳ) ሰይቲ ወዲ ዓበ ሥልጣን
4. ሮመዳን በኪት (በዓል ፈለዳርብ) ደሪዕ

ህልቂት በስከዲራ ምስ ተፈጸመ፡ ድኅሪ ሰዓት 4፡00 ናይ ምሸት ተኸሲ ዝግ ምስ በለ፡ ኣባ ተወልደብርሃን[12] ምስ ሠለስተ ሰብኡት ሰብ ፈርሔን፡ ብላንድሮቨር ንበስከዲራ ገጾም ኣምርሑ። ማኪና ኣብ ቅድሚ ቤት ትምህርቲ በስከዲራ ዘሎ ሕሉም ጠጠው ኣቢሎም፡ ንዓዲ ገጾም ቅልቅል እንተበሉስ፡ ዓዲ ብምሉኡ ቁም ኢሉ ሓሪሩ ጸንሖም። ገለ ቁሩብ ትኪ ጥራይ ይርአ ነበረ። ሰብ ዚበሃል ኣይነበረን። ገለ ብኸፊል ዝሓረሩ መሓሳኣት ኪንቁዉ ጥራይ ይሰማዕ ነበረ። ሽዑ ዓመት ሠናይ ዝኾነ ቀውዒ ስለ ዝነበረ፡ እቲ ኣብ ገዛውቲ ዝነበረ ኵሉ መሸላ ሓሪሩ ከሎ ኣብ መትሓዚኡ ጸንሖም።
ምናልባት ነዙ ሕዝብስ ንኸረን ግዲ ወሲዶሞም ዚብል ምህሙን ተስፋ ኂሮም፡ ኣብታ ልዕሊ ዝተቐትሉላ መስጊድ ዘሎ በሪኽ ቦታ ኮይኖም ደሃይ ኪፈልጡ እናሰጐሙ ኪኸዱ ከለዉ፡ ኣብቲ ድርኩኹት መስጊድ፡ ሓደ ነጸላ ተጐልቢቡ ዝተጋደመ፡ እንተጸውዑዎ ዘይምልሽ ሰብ ረኣዩ። ኵነታቱ ኪፈልጡ ናብቲ መስጊድ ገጾም ቅርብ እንተበሉስ፡ በቲ ድርኩኹት መስጊድ፡ ደም ይዛሪ። ነቲ ፍርቁ ተዓጽዩ ዝነበረ ማዕጾ ድፍእ እንተበሉስ፡ ተራእዩ ዘይፈልጥ ዜስካክሕ ህልቂት ኣጋጠሞም። ብሰንባድ ተዓኒዶም ዚገብሩዎ ጠፍኦም። ሬሳ ኣብ ልዕሊ ሬሳ፡ መንደቕ ብደምን ፈርስን ተጸያይቑ፡ ካብ መንደቕ ዝፈሰሰ ኖራ ብደም ተባዒጡ፡ ነቶም ኣብ ምድሪ ቤት ጻሕ ኢሎም ዘለዉ ሰባት ሸፊኑዎም ነበረ።

ኣባ ተወልደብርሃን ነዚ ኵነታት ርእይ ምስበሉ፡ ገለ ሰባት ብሕይወቶም ከም ዘለዉ ስለ ዝተገንዘቡ፡ ሥርዓት መጽሓፈ ቀንዴል ኬብጽሑ፡ ቅብኣ ሕሙማን ኪምጽኡ ንፈርሔን ገጾም ጐየዩ። ቀልጢፎም ከኣ ተመልሱ። እቶም ኣብቲ መስጊድ ግዳይ ግፍዒ ዝኾኑ፡ በቲ ዜሰካሕክሕ ኵነታት ደንዚዞም ኣብ ርእሲ ምንባሮም፡ እቶም ወተሃደራት ኢትዮጵያ ድሃይ ንዝገበረ ተተመላሊሶም የዳግሙዎ ስለ ዝነበሩ፡ ደሃይ ከየስምዑ ስቕ ኪብሉ መረጹ። ኣባቴ ምጽእ ምስ በሉ፡ "መን ኣሎኻ ብሕይወት ዘሎኻ! ኣጆኹም ኣይትፍርሁ ኣነ ኣባቴ ኢየ!"። ቃል ኣባቴ ምስ ሰምዑ ብዙኃት ደሃይ ብምግባር ጫውጫው ኪብሉ ጀመሩ። ኣባቴ ከኣ ብቐዳምነት ሥርዓት ኬብጽሑ ተጓየዩ። ገለ ሰባት ሓንቲ ጥይት ከይተንከፈቶም ብደኃን ዝወጹ ተረኽቡ፤ ንኣብነት እናቴ ለተመድኅን እኽት። ካብዞም ገለ ዘይኮኑ ሰባት፡ ብሰንባድ ዝኣክል፡ ሓንቲ ዘይኮኑ እንከለዉ፡ ልክዕ ከምቶም ውጉኣት ኪቑንዘዉን፡ ኡይ እናበሉ ነባቴ ሥርዓት ኬብጽሑሎምን ይልምኑዎም ነበሩ። ንገሊኦም መውጋእቲ ምስ ሰኣኑሎም፡ ቁስሊ ኪደልዩ፡ ክሳዕ ከዳውንቶም ዜውጽኡሎም ነይሮም።

ብድኅሪ'ዚ ከኣ ማኪና ጸጺዒኖም፡ ንፈርሔን ወሲዶም፡ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ኣደቂሶም ቀዳማይ ረድኤት ኪገብሩ ጀመሩ።[13] ንጽባሒቱ፡ ናብ ሰኩና ዘበላ ዓድታት ዓዲ ዘማት[14] "እንታይ ተረኺበ" ዚብል ሕዝቢ ኪረድእ ወሓዘ። ውጉኣት ተሰኪሞም ከኣ ናብ "ክንፋእ" (ማዕረ ዶሮቕ

---

[12] በቲ ጊዜ እቲኦይ ኣብ ፈርሔን ዝነበሩ ካህናት ኣባ ሚካኤል ኣስፍሃ ከም መጠን ቆምስ፡ ኣባ ተወልደብርሃን ገብረመድህን ምኽትል ቆምስ ኮይኖም ይሰርሑ ነበሩ፡፡ ኣባ ሚካኤል ብርቱዕ ሓሚሞም፡ ኣብ ሆስፒታል ዳርጋ ፍርቂ ዓመት ስለ ዝገበሩ፡ ኣብ ፈርሔን ኣባ ተወልደብርሃን በይኖም ተሪፎም ነበሩ፡፡ ነዚ ኵሉ ሽግር ከኣ በይኖም፡ ዜማኽሮም ካህን ዘይብሎም ምስ ሕዝቦም ይሣቐዩ ነበሩ። ኣባቴ ምስ ኵሎም ሰብ ፈርሔን ኣብ ቤተ ክርስቲያን ቅዱስ ጊዮርጊስ ተኣኪቦም ወዓሉ። እቲ ኵሉ ኪሰምዑዎ ዚወዓሉ ተኸሲን ደብዳብ ነፈርትን ኣሸቢሩዎም ወዓለ። ካብ ኵሉ ከኣ እቶም ሰብ በስከዲራ እንታይ ከም ዝረኸቦም ዘይምፍላጦም ብዙኅ ሃወኾም።
[13] ቀቅድሚ እዚ ኣሰቃቒ ኵነታት ምፍጻሙ፡ ኣቡነ ኣብርሃ ፍራንስዋ፡ ንካህናት ፈርሔን 4 ዓበይቲ ሳናዱቕ ዚመልኣ ኣፋውስ ሂቦሞም ነበሩ። ኣብቲ እዋንቲ ፈርሔን ናይቲ ኵሉ ከባቢ ዋና ማእከል ሕክምና ነበረት። ሕዝቢ ኣብ ልዕሊ ካህናት ኀሉፍ እምነት ስለ ዝነበሮ፡ በዓል ኣባቴ ጓሶት ነፍሳት ጥራይ ዘይኮኑስ፡ ሓኻይም እውን ነበሩ፤ ብዙኅ ትምርህርቲ ሕክምና ዘይብሎም ከለዉ፡ ኣፋውስ ይዕድሉ፡ መርፍእ ይወግኡ፡ ይሰፍዩ፡ የሕርሱ... ነበሩ። ኣብቲ እዋንቲ ክንድዚ ዚኣክል ኣፋውስ ሒዝካ ምጽናሕ ንባዕሉ ከም ገበን ይሕሰብ ስለ ዝነበረ፡ ኣባ ተወልደብርሃን፡ ምስ ሠለስተ እሙናት ሰባት ኮይኖም፡ ኣብ ትሕቲ ከርመድ፡ ጉድጓድ ኵዒቶም፡ ጽቡቕ ጌሮም ዓሺጎም ቀበሩዎም። ጦር ከይፈልጡዎ ከኣ ብላዕሊ ቃንጫ ንስንስ ኣቢሎም ሓመኹሽቲ ምእንቲ ኪመስል ኣቃጸሉዎ። ኣብዚ ጊዜ እዚ፡ ዓብደልርሑማን ሓመድዓሊ በሪህ ዝተባህለ፡ በዓል ሙሻ ሻባሕ፡ (ቀደም ሹመኛ ዝነበረ)፡ ኣብ ከረን ኮይኑ፡ ንሕዝቢ ሰኹና፡ ብዛዕባ ምንቅስቓስ ጦር ሓበሬታ ይህብ ነበረ። ኣባቴ ከኣ ካብዚ ሰብዚ ሓበሬታ ስለ ዝረኸቡ፡ ኣፋውሶም ኣቐዲሞም ኣመሓዲሮም ጸንሑ።
[14] ዓዲ ዘማት ዚበሃላ፡ ወስበንስረኸ፡ ቍኒዕ፡ ሓሊብመንተል፡ ጉባ ለገድረ፡ ጉባ ራኪ፡ ሻውሽ፡ ዓደፋ፡ ዶሮቕ፡... ወ.ዘ.ተ ኢየን።

ዘሎ ጽርግያ ካትራመ) ኣብጽሑዎም። ኣባ ተወልደብርሃን ሰብ ልኢኾም፡ ሽዑ ሓለቓ ዘርኣ ክህነት ደብረ ቅዱስ ሚካኤል ከረን ንዝነበሩ፡ ኣባ ኣየለ ተኽለሃይማኖት፡ ኮንታት በስክዲራ ሓቢሮሞም ስለ ዝነበሩ፡ ካብ "ክንፉእ" ብማኪና ጌሮም ናብ ሆስፒታል ከረን ወሲዶዎም። ብሳላ እዙ ጎያል ጻዕሪ ኣባ ተወልደብርሃንን፡ ኣባ ኣየለን፡ ሕዝቢ ክባብን፡ ብዙሓት ደኊኑ።

ናብ ሠሉስ ዜውግሐ ለይቲ፡ ኣባ ተወልደብርሃን ምስ ሰብ ፈርሔን ኮይኖም፡ ፋኑስ ጌሮም ምዉታን በስክዲራ ኪቐብሩ ሓደሩ። ንዝሞቱ ደቂ በስክዲራ፡ ንክርስቲያኖም ኣስላሞም ጸሎተ ፍትሓት ኣብጺሖም፡ ኣብ ምብራቓዊ ወገን መስጊድ ቀበሩዎም።[15] ንኹሎም ኬርክቡሎም ግን ኣይከኣሉን። ኣጋ ወጋሕታ ምስ ኮነ፡ ዝተረፈ ሬሳ ንዚመጽእ ለይቲ ኪቐብሩዎ፡ ማዕጾ መስጊድ ጽቡቕ ጌሮም ዓጽዮም "ሎሚ ጦር ንፈርሔን ዚፈርዶላ መዓልቲ ኢያ'ሞ ንኺድ ኣብዚኣ ከሎና ከይመጹና...." ቢሎም ንፈርሔን ከዱ።

## ሐ- ካብ ብሱል ጥረ ኮይና ዝወጸት ፈርሔን

ፈርሔን ኣብ ምድሪ ሰኹና፡ ካብ ብሱል ጥረ ዝወጸት ዓዲ ኢያ። ሠሉስ ዕለት 1 ታሕሳስ 1970 (፳፪ ኅዳር ፲፱፻፸፯)፡ ሰብ ፈርሔን፡ ሞቶምን ሕይወቶም እትውሰነላ መዓልቲ ነበረት። ኣባ ተወልደብርሃን ሓደ ብዙኅ ዘየተኣማምን ምህሙን ተሰፋ ረኺቦም ነበሩ፤ ምድረ ሰኹና በብተርታ ኪቃጸል ምስ ረኣዩ፡ ብፍላይ ከኣ በስክዲራ ኪቃጸል እንከሎ፡ ኣብ ከረን ናብ ዚነበሩ ወዲ ማኅበሮም፡ ኣባ ኣየለ ተኽለሃይምኖት፡ መልእኽቲ ጽሒፎም፡ ብሓደ መንእሰይ ንኸረን ሰደዱዋ። ኅጺር ትሕዝቶኣ ከምዚ ዚስዕብ ኢዩ፤ "ኮንታት ከምዚ እትርእዮዎን እትሰምዑዎን ኢዩ፡፡ ንድኅነት ሕዝቢ ዚከኣለኩም ግበሩ፡፡ ዝያዳ ከኣ ነቲ ኣብ ከረን ዘሎ ዓርከኹም ኮለኔል ዋላና ኮንታትና ግለጽሉ...."። ኣባ ኣየለ ከኣ ብኡንብኡ ናብ ኮሎኔል ዋላና ከይዶም፡ ጸገም ኣባ ተወደብርሃን ምስ ሕዝቦምን ኩሉ ኮንታት ሰኹናን ገለጹሉ። እቲ ኮሎኔል ከኣ፡ "እዞም እትብሉዎም ዘሎኹም ካህን ምስ ሕዝቦም ኣብታ ቤተ ክርስቲያን ፈርሔን ይኹኑ። ካብኡ ወጻኢ ግን ጎላፍነት የብለይን...." ብምባል፡ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ንዚዕቆቡ ውሕስነት ሃቦም። ስለዚ፡ ነቲ ዕንወትን ጥፍኣትን ዝመርሐ ዝነበረ ሻምበል ከበደ፡ ብዛዕባ ኮንታት ፈርሔን ተላኢኹ ኪኸውን ዚከኣል ኢዩ። ኣባ ኣየለ ከኣ ሽዑ ንሽዑ ምስቲ ኣባ ተወልደብርሃን ዝለኣኹዎ መንእሰይ፡ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ መልሲ ሰደዱሎም።

ኣባ ተወልደብርሃን ለይቲ ደወል ደዊሎም፡ ንሕዝቢ ኣኪቦም፡ ሕይወቶም ኬድኅኑ፡ ካብ ቤተ ክርስቲያን ከይርሕቁ፡ ልዕሊ ጥሪቶም ሕይወቶም ኪሠርዑ መዓዱዎም። "ሎሚ ጦር ናባና ኢዩም" ቢሎም እናሓሰቡ ከለዉ፡ ንጉሆ ብኸረን ጽዑቕ ቶኹሲ ተሰምዐ። ንኸረን ዜብል ወገን ከኣ ብትኪ ዒግ በለ። እዚ ከኣ ሠሉስ ዕለት 1 ታሕሳስ 1970 (፳፪ ኅዳር ፲፱፻፸፯)፡ ንየና ኪድምሱሱዋ ዚወዓሉሉ ጸላም መዓልቲ ነበረት። እቶም ንፈርሔን ኪመጹ ዝተሓሰቡ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ከኣ፡ ኪረድኡ ንየና ኀጸም ስለ ዝኸዱ፡ ከይመጹ ወዓሉ። ኣባቴ ምስ ሕዝቢ ፈርሔን ብተዛማዲ ቊሩብ ረሓት ስለ ዝረኸቡ፡ ነቶም ንኸረን ዘይከዱ ውጉኣት ደቂ በስክዲራ ኪሕክሙ ወዓሉ። ንሓደ ኪሕክሙ ከለው፡ እቲ ሓደ ንኣይ ሓክሙኒ እናበለ ብቓንዛ የእዊ። በዚ ከኣ ኣባቴ ልቦም ጠፊኡዎም ወዓለ። ብመጠኑ ዝሕከም ምስ ሓከሙ ከኣ ነቶም ኣብ መስጊድ በስክዲራ ዓጽዮሞም ዝመጹ፡ ዘይተቐብሩ ምዉታን ኪቐብሩ ከዱ። ኩሎም ቀቢሮም ከኣ ንፈርሔን ተመልሱ። ኣብዚ ጽንኩር እዋን ኣባቴ ሠለስተ ለይትን ሠለስተ መዓልትን ከይደቀሱ፡ ከየዕረፉ ኣኅለፉወን።

ወተሃደራት ኢትዮጵያ፡ ብ1 ታሕሳስ 1970፡ የና ምስ ደምሰሱ፡ ልክዕ በዓል ቅዱስ ጊዮርጊስ መዓልቲ፡ ረቡዕ ዕለት 2 ታሕሳስ 1970 (፳፫ ኅዳር ፲፱፻፸፯)፡ ኣባቴ ምስ ሕዝቦም ቅዳሴ ውድእ ምሰበሉ፡ ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያን ኮይኖም ጦር ኪጽበዩ ኣርፈዱ።[16] ጦር ከም ኣመሎም ንፈርሔን ገጾም ኪመጹ ምስ ረኣዩዎም ከኣ፡ ሕዝቢ ኣብ ውሽጢ፡ ኣባቴ ከኣ ልብሲ ክህነቶም ለቢሶም፡ ብዲያቆናት መስቀል ኣምሪሖም፡ ኣብ ኣፋፌት ቤተ ክርስቲያን ፈርሔን ኮይኖም ተጸበዩዎም። ጦር ብፊት ቤተ ክርስቲያን ደበኽ በሉ።

ሓደ ጸሊም ወተሃደር፡ ኣብ ፊት ቤተ ክርስቲያን፡ ካብ በዓል ኣባቴ 10 ሜትሮ ፍንትት ቢሉ፡ ናብኣቶም ገጹ ብሬን ተኸለ። ካልእ ወተሃደር ከኣ ንቤተ ክርስቲያን ቅልቅል ኢሉ "ውጹ" ዚብል ትእዛዝ ኣመኅላለፈ። ኣባቴ ምስ ደቂ ተባዕትዮ፡ ብሰሜናዊ ወገን፡ ደቀንስትዮ ከኣ ብደቡባዊ ወገን ቤተ ክርስቲያን ፈለልዮም ኣከቡዎም። ነባቴ ከኣ "መስቀልካ ኣውሪድካ ምስ

[15] ኣባቴ ምስ ሕዝቢ ብለይቲ፡ ብፋኑስ ኪቐብሩ ከለዉ፡ ጀብሃ ኮንታት ኪዕዘቡ መጹ። ዜድልዮም ሠኢሎም ከኣ ከዱ።
[16] ደቂ ፈርሔን ዝበዝኑ ምስባቴ ኣብ ዓዶም ተረፉ። ገለ ግን ንዓዲ ዘማት (ንሓሊብመንተል፡ ቊኒዕ... ) ገጾም እልይ ኢሎም ነበሩ። ኣባቴ ኮነ ሕዝቢ ብፍላይ ነቶም መንእሰያት ኪእለዩ ግድን በሉዎም። የና ኪቃጸል ከሎ፡ ከረን ዚቃጸል ዘሎ ስለ ዝመሰሎም፡ "ከረን እንተነዲዱ ደኣ ናበይ ክንእለ!" ቢሎም ኣብ ዓዶም ስቕ ዝበሉ ብዙሓት ኢዮም። እንተኸፍኣስ ንምድሪ መንሳዕ ገጾም ኪሃድሙ ይሓስቡ ነበሩ።

ሰብካ ኮፍ በል" ዚብል ትእዛዝ ተዋህቦም። ኣብ ቀጽሪ እቲ ቤተ ክርስቲያን ከኣ ቀብሮምን ብረቶም ጥራይ ዝርአ ወተሃደራት ብኸቢ ናብቲ ተኣኪቡ ዝነበረ ሕዝቢ ገጾም፣ ኣዝጊቦም ነበሩ። ሕዝቢ ረዓደ።

ሕዝቢ ብረዓድ ተዋሒጡ እንከሎ፣ ሻምበል ከበደ በትሩ እናዋዛወዘ፣ መጺኡ "ከመይ ኀዲርኩም" ቢሉ ዘረባኡ ፈለመ። ናብ ኣባቴ እናመልከተ ከኣ "ንስኻትኩም ምሁራት ኢኻትኩም። ሓቂ ከም እትዛረቡ ከኣ ልበይ ይኣምነለይ!! ... እዚ ዓዲ ካብ ትኺን ቆንጪ (ጀብሃ) ደኀን ድዩ፧" ቢሉ ሓተተ። ኣባቴ ከኣ በምሓርኛ ጌሮም "እዚ ጊዜ ሕማቕ፣ ሰማዒ ከኣ ብዙኅ ስለ ዝኾነ፣ ኣነን ንስኻን ግልል ኢልና እንተንዛረብ ዝሓሸ ኮይኑ ይረኣየኒ..." በሉ። ኣባቴ ምስ ሕዝቢ እንታይ ኪብሉ ከም ዘለዎም ኣቐዲሞም ተማኺሮም ነይሮም ኢዮም። ኵነታት በስከዲራ ኣሰንቢዱዎም ስለ ዝነበረ፣ "ጀብሃ ርኢና" ብምባሎም፣ ጀብሃ ኬስዕ ቡሎም ንዚኸእሉ ጸገም ሸለል ኢሎም፣ ዘሳ ሓቂ ኪዛረቡ ተሰማሚዖም ነበሩ። ሻምበል ንሓሳብ ኣባቴ ተሓጒሱ ሠመሮ። ኣባቴ ልብሲ ክህነቶም ኣራጊፎም፣ ምስ ሻምበል ከበደ ተተሓሒዞም፣ ናብ ቤት ጽሕፈት ኣባቴ ኣተዉ። እቶም ዝተረፉ ወተሃደራት ንደቂ ተባዕትዮን ደቀ'ንስትዮን በበይኖም ጌሮም ምጕብዕባዕ ቀጸሉ።

ኣባቴን ሻምበልን ኪዛተዩ ናብ ቤት ጽሕፈት ምስ ኣተዉ፣ ኣባቴ «ሳዕሪ ጸናዕቲ ንሕሱም መዓ ልቲ» ከም ዚበሃል፣ ንሕሱም እዋን መሓለውታ ዓቚሮማ ዝጸንሑ ቢራን ኣብ ዝሑል ብራሾ ዝጸንሐ ማይን ምስ ቀረቡሉ፣ ብርሃጽን ድኻምን ዝተጠቕዐ ሻምበል ከበደ፣ "ኣብዚ በረኻ'ዚ ከኣ ቢራ ይርከብ!" ኢሉ እናሓሰበን እናመስገነን ተሓጒሱ ኪሰቲ ጀመረ።[17] ናብ'ቲ ቀንዲ ነገሮም ከኣ ኣተዉ። ሻምበል ኣብ'ቲ ከባቢ ጀብሃ ምህላዎምን ዘይምህላዎምን ምስ ሓተቶም፣ ኣባቴ "ኣብዚ ከባቢ ጀብሃ መሊኣም ኣለዉ። ሎሚ ኣይረኣኹዎምን። ትማሊ ግን መሊኣም ነይሮም። ስለዚ እዚ ኅቡታት ኣይትእመኑዎ፣...." በሉዎ።[18] ሻምበል ከኣ "መሣርሒ ኣሎዎምዾ፧ እንታይ ኢዩኽ ዓይነቱ፧" ቢሉ ሓተቶም። ኣባቴ "መሊኡ ኣለዎም፣ ዓይነቱ ግን ኣይፈልጦን ኢየ" ቢሎም መለሹሉ። ሻምበል "ንሕና ከምዚ ኢሉ ሓቂ ዝነግረና ኢና ንደሊ" በሎም። ብኡንብኡ ከኣ ሀሊኮፕተር መጺኣ ኣብ ቀጽሪ ቤት ጽሕፈት ቍምስና ክትዓልብ ዘምበየት። ኣብኡ ዝነበራ ሠለስተ ጋባ ኪቕረጻ ትእዛዝ ተመኀላለፈ። ኣባቴ "ኣንታ ብኽንደይ ጻዕሪ ዘዕበናየን ኢየን" ቢሎም'ኳ እንተጨደሩ፣ ሰማዒ ግን ኣይረኸቡን። ዓሊባ ዘድልያ ጌራ ከኣ ቀልጢፋ ከደት።

ቀጽሪ ቤተ ክርስቲያን ኮነ እንዳ ቆሞስ ብወተሃደራት ኣዕለቕሊቓ ነበረት። ሓደ ቀይሕ፣ ረጕድ ኣኽባሪ ሕጊ ቢሎም ዚጽውዑዎ ወተሃደር፣ "ሻለቃ ከበደ፣ እዚ ዓዲ ይቃጸል'ሞ፣ ንቕድሚት ንቐጽል" በሎ። ሻለቃ ሓንሳእ ስቕ ድኅሪ ምባል "ብወገነይ እዚ ዓዲ'ዚ ኣይቃጸልን ኢዩ!!" በለ። ኣኽባሪ ሕጊ ተሰኪሙዎ ዝነበረ ሳንጣ ኣውርድ ኣቢሉ፣ ካብኡ ሓደ ጽሑፍ ኣውጺኡ፣ "መምርሒና ካብ 'ዓንሰባ ጀሚርኩም ክሳዕ መንሳዕ እናቃጸልኩም ኪዱ!' እንድዩ" ዚብል ቢሉ ብጽሑፍ ረትዖ። ንንሓድሕዶም ተጠማመቱ፣ ሻለቃ ከበደ ግን ሓሳቡ ኣይቀየረን።

ነቲ ተኣኪቡ ዝነበረ ሕዝቢ ከኣ "ኣዋጅ መንግሥቲ ሰሚዕኩሙዎ ኣሎኹም። እቲ ኣዋጅ "ኣንድዱ" ጥራይ ኢዩ ዚብል። ካህንኩም ዝኾነ ሕጻን'ውን ክትቀትሉ እንተኾንኩም፣ ቅድም ንኣይ ቅተሉኒ ስለ ዝበሉኒ፣ ምእንቲ እዞም ካህንን እግዚኣብሔርን ንገድፈኩም ኣሎና። ካብዚ እንተልገስኩም ግን ይሕሸኩም። ከመይ እቲ ድኅረይ ዚመጽእ ካባይ ዝኸፍአ ወይ ዝሓይሽ ኪኸውን ዚከኣል ኢዩ" በሎም። ኣባቴ ከኣ "እዛ ዓዲ፣ ዓዲ ሰላም ኢያ፣ ካብ በልኩማስ ዓዲ ሰላም ምኳና ዚገልጽ ጽሑፍ'ንዶ ግደፉልና። ኮሎኔል ዋሳና'ኳ ፈርሔን ሰላማዊት ዓዲ ምኳና ስለ ዝፈለጡ ኢዮም፣ ኣብዘላቶ ክተርፍ ዝወሰኑ፣[19]" በሉዎ። ነዛ ልመና ኣባቴ መልሲ ከይሃበላ፣ ፊስካ ነፊሑ ወተሃደራቱ ኣኪቡ፣ ብምብራቓዊ ወገን ፈርሔን ዘሎ ሩባ ኣቢሎም ኪኸዱ ተበገሱ። ኣባቴ ንሻለቃ ክፋኑዉዎ ከለዉ፣ ወተሃደራት "ኣነ እዚኣ ረኺበ" እናተበሃሃሉ፣ ንብረት ሒዞም ኪኸዱ ረኣዩዎም። "ኣንታ ሻለቃ፣ እዞም ወተሃደራት ንብረት ዓዲ ዘሚቶም ኣለዉ! እንታይ ኢዩ እዙ ሒዞሞ ዘለዉ፧" በሉዎ። ሻለቃ መልሲ ከይሃበ ምሰባቴ ተፋንዩ መንገዱ ቀጸለ።

ኣባቴ "ተመስገን" እናበሉ ናብ ቤት ጽሕፈቶም እንተተመልሱስ፣ ንሶም ምስቲ ሻለቃ ኣብ ደገ ከለዉ፣ ወተሃደራት ተመኸሒልዮም ኣትዮም፣ ኵሉ ንብረቶም በታቲኖም ዘድልዮም ዘሪፎም ከዱ። ፈርሔን ከኣ ሓዊ ደኣሎም ዘየቃጸሉዋ'ምበር፣ ንብረት ምርሳይስ ዝገደፉላ የብሎምን።

---

[17] ዳኅራይ መዓልቲ፣ መዓል ኣባቴ ምስ ጀብሃ ከም ገለ ኣብ ዝሰሓሓቡሉ፣ ነቲ ኣባቴ ንድኅሪት ሕዝቦም ዝፈጸሙዎ ተግባር እናጠቐሱ፣ "ንጠር ቢራ ከፊትኩም ከም እተስትዩዎም ንፈልጥ ኢና!!" እናበሉ፣ የፈራርህዎም ከም ዝነበሩ ይዝከር።

[18] ነቲ ኣብ ቀጽሪ ቤተ ክርስቲያን ተኣኪቡ ዝነበረ ሕዝቢ ፈርሔን፣ ወተሃደራት ልክዕ እዙ ነባቴ ብሻምበል ከበደ ዝቐረበሎም ሕቶ፣ "ኣብዚ ከባቢ ጀብሃ ኣሎዉዶ፧" ዚብል ቀረበሎም። ሕዝቢ ከኣ ምስባቴ ኣቐዲሞም ቃሎም ሓደ ኪኸውን ከም ዘለዎ ተሰማሚዖም ስለ ዝነበሩ፣ "እወ መሊኣም ኣሎዉ" ቢሎም መለሹ።

[19] "ብ1970 ፈርሔን ናብ ፈለጓርብ ክትግዕዝ ብመንግሥቲ ተወሲኑ ነይሩ ኢዩ። እዚ ከኣ ካብ ጽርግያ ርሒቓ ስለ እትርከብ፣ ተሰግኣም ነበረት" ይብሉ ኣባ ተወልደብርሃን።

ነቒልና ኣሎና። ዝግድሰኩም እንተኾይኑ ሃየ ቕበሩ ስዓቡና።...” ኢሎሞም ጸው ኢሎም ወጹ። ኣሥራት ካሣ ቤት ዕዮኦም ገዲፎም ብነድሪ ኪወጹ ዝረኣዩ ገለ ፈተውቶም፣ ነባቴ ክይቀትሉዎም ብምስጋእ፣ ነዛ ነገር ብኽመይ ከም ዘድቅሱዋ ኪበላሓቱ ጀመሩ። ሓሲቦም ከኣ ዓርኪ ኣባ ኣንስጢኖስን፣ ኣበ ነፍሲ ኣሥራት ካሣን ዝኾኑ፣ ሊቀ መዘምራን ሞገስ ዑቕባጊዮርጊስ ኬደቅስዋ ከምዚኽእሉ ተረዲኦም፣ ናብኦም ከዱ። ሊቀ መዘምራን ናብ ኣሥራት ካሣ ከይደንጎዩ ከይዶም፣ ልቦም ዝልቦም፣ ኣባ ኣንስጢኖስ እግዚኣብሔር ዝጸልኣሎም ስሕው ዝበሉ ፈላሲ ኣምሲሎም ብምቕራብ ካብ ቁጠዓ እዞም በዓል ሥልጣን ኣናገፍዎም።፡፡



## መዛዘሚ

እዚ መሪር ግፍዒ ኣብ ጽሑፍ ከነስፍሮ ዝደለና፣ ነቲ ዝተፈጸመ ህልቂት እናዘከርና፣ ቂምን ጽልእን ከነውርስ፣ ኪሓዊ ዝጀመረ በሰላ ዳግማይ ንምቕሳል ዘይኮነስ፣ ንጹሕ ሰብ ኪግፋዕ ከም ዘይብሉ! ውግእ ኪድገም ዘይብሉ! ጽዩፍ ነገር ምዃኑ ተኣሚኑሉስ፣ ኣብዚ ሣልሳይ ሽሕ ዝፍልመሉ ዘሎ ሓዲስ መዋዕል፣ ሰባት ካብቲ ኣብ ሰኩና ዝተፈጸመ ኣሰቃቒ ኵነታት ኪመሃሩ ከም ዚኽእሉ ብምእማን ኢዩ። ንፖለቲካዊ ዕላማኻ ክትብል፣ ደይ መደይ ኢልካ ንጹሓት ሰባት ምቕታል፣ ውዒሉ ኂዲሩ ደሞም ከም ዝልከመካ ንምዝኽኻር ኢዩ።

ዞባ ሰኩና ብጊዜ ንጉሥ ኃይለሥላሴ ይኹን ብጊዜ ደርጊ፣ ዝያዳ ካልእ ሕዝቢ፣ ርኡይ ዝኾነ ግፍዒ ካብ ዝወረዶም ዞባታት፣ እቲ ብቐዳምነት ዚሥራዕ ኢዩ። ኣብ 1970 ሕዝቢ ሰኩና፣ ከም ክበሮ ቤተ ክርስቲያን ብኸልተ ወገን (ብመንግሥቲ ኢትዮጵያን ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን) በብተርታ ዝጽፋዕ ዝነበረ ሕዝቢ ምዃኑ ካብዚ ዝረኣናዮ ታሪኽ ንርዳእ። በቲ ኣብ ኣምላኽ ዘለዎ ሓያል እምነት ተደጊፉ፣ “ከም ወርቂ ብሓዊ” ዝተፈተነ እሞ፣ ብተደጋጋሚ ንዝወረዶ ጸገም ሥዒሩ ዝወጸ፣ ዘይሕለል ሕዝቢ ኢዩ።
ኣብ 1988 እውን ብዙኅ ግፍዕን ምክልባትን ኣጋጢሙዎ ከም ዝነበረ ዝርሳዕ ኣይኮነን። ብፍላይ ግን ከይጠቐስናዮም ክንሓልፍ ዘይንደሊ ክልተ ሰማዕታት ኣቦታት ሰብ ፈለዳርብ ኣለዉ፤ *ኣቶ ዛይድ ሓምሰን ኣቶ ሓጂ ኣርበድን* ዝተባህሉ፣ ሥርዓተ ኣምልኾኦም ኪፍጽሙ፣ መቕጸርያ ኪደግሙ ኣጋ ምሸት ደወል ቤተ ክርስቲያን ስለ ዝደወሉ፣ ወተሃደራት ኢትዮጵያ “ንሻዕብያ ብደወል ጌርኩም ምልክት ሂብኩሙዎም” ብምባል፣ ምሉእ መዓልቲ ኣብ ፀሓይ ሰጢሖሞም ወዓሉ። ምሸት ምስ ኮነ ንኸሎ ኣካላቶም ብበሊሕ ካራ እናጨንድሑ ብዘሰቅቕ ኣገባብ ከም ዝተቐትሉ ዝርሳዕ ኣይኮነን። እዚ ታሪኽ እዚ’ውን ብመዓልቱ ኪጸሓፍ ተሰፋ ኣሎና።

ሕጂ ኣብዚ እዋንዚ፣ ሕዝቢ ሰኩና፣ ፀሓዩ በሪቑሉ፣ ብሩህ ተስፋ ተቐኒቱ፣ ብጽፍሩ ዓዱ ኪሃንጽ ዚጋደል ዘሎ ሕዝቢ ኢዩ። ፍረ እምነቱን ቃልሱን ከኣ ብቤተ ክርስቲያንን ብመንግሥትን ኣቓልቦ ረኺቡ ብነፍስን ብሥጋን ዚምዕብል ዘሎ ሕዝቢ ኢዩ ክንብል ንደፍር።

ድኅሪ ናጽነት፣ እቲ ኣብ ሰኩና ዝተመርጸ መቓብር ሓርበኛትት፣ ከምቲ ናይ ከረን ኣብ ደና ዝኾነ፣ ናይ ሰኩና እውን ኣብ በስክዲራ ኮይኑ እንተዝኸውን ክንደይ ምጸበቐን፣ ነዞም ንጹሓት ሰባት’ውን ክይተረፈ ሓወልቲ ምኾኖም። ደቂ ዓዲ ከም ዝበሉና፣ ጥቓ ጽርግያ ኪኸውን ብዚብል፣ ካብ በስክዲራ ወጻኢ ኣብ ዝኾነ በረኻ ምግባሩ ኣይግድን። “መቓብር ሓርበኛታት” ኣብ ውሽጢ እቲ ዜሕዝን ታሪኽ ዝተፈጸመሉ በሲክዲራ እንተዝኸውን ክንደይ መምሓረ!! ሕጂ’ውን ናብኡ እንተዝምለስ ዚብል ሓሳብ ከነቕርብ ኣገዳሲ ኮይኑ ይረኣየና።

*ኣባ ተወልደብርሃን ገብረመድኅንን*
*ኣባ ዘርኣያዕቆብ ዑቕባሚካኤልን*
*ማኅበር ካፑቺን*

፡ እዚ ተቓውሞ ኣባ ኣንስጢኖስ ተድላ ዝነገሩና፣ ኣባ ወልደኢየሱስ እማን (ማ. ካፑቺኒ) ኢዮም።

# ትምጻእ መንግሥትከ

ብተመሃርቲ ማኅበር ንኡሳን ኣኅዋት ካፑቺን
ዚኅተም መንፈቓዊ መጽሔት
ገጀረት-ኣሥመራ



# ADVENIAT REGNUM TUUM

A Six-monthly Review
published by
The Capuchin Students
P. O. Box 1185, ☎ 120472
Asmara (Gaggiret) Eritrea

መበል ፵፬ ዓመት
ቍ.፸፫ ፩ይ መንፈቕ ፲፱፻፺፫
ቍ.፸፬ ፪ይ መንፈቕ ፲፱፻፺፫

44th year
N° 73 1st Semester 2000
N° 74 2nd Semester 2001

## ኃላፊ መጽሔት

ኣባ ተኽሉም ብርሃነ

## መራሕቲ መጽሔት

ኃው ዮሴፍ ዑቕባጊዮርጊስ
ኃው ወርቁ ተፈራ
ኃው ዘኬዎስ ተኽለማርያም
ኃው ሃብተማርያም ኣብርሃ
ኃው ርስቶም ኣሚነ

## EDITOR IN CHIEF

Abba Teklom Berhane

## EDITORIAL BOARD

Br. Yosief Ukbaghiorghis
Br. Werku Tefera
Br. Zekewos Teklemariam
Br. Habtemariam Abrha
Br. Restom Amine



Layout and Typesetting
by
ADVENIAT REGNUM TUUM

Pro Manu scripto
De Superiorum Licentia

ቤት ማኅተም ፍራንቸስካና ኣሥመራ
Printed by Francencana P.P.
Asmara August 2001